# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.31 | ሰሉስ 7 ጥቅምቲ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 4
ጥዕናሓንጎል ዘሐይል ምውስዋስ ኣካላት



ገጽ 5
ስነ ጥበባዊ ኩንኩን መጽሓፍ



ገጽ 8
ጥምርቲ ስድራ ቤት መሰረት ስልጡን ሕብረተሰብ



ገጽ 10




# ኤርትራ ኣብ መበል 42 ጉባኤ ኣህጉራዊ ውድብ ሲቪል ኣቪየሽን ተሳቲፋ

ኤርትራ፡ ካብ 23 መስከረም ክሳብ 3 ጥቕምቲ ኣብ ሞንትሪያል - ካናዳ ኣብ ዝተቓነየ መበል 42 ጉባኤ ኣህጉራዊ ውድብ ሲቪል ኣቪየሽን ተሳቲፋ።

ኣብ'ዚ ኣብ ሰለስተ ዓመት ዝቃንዕ ጉባኤ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መጎዓዝያን መራኸቢታትን ዋና ዳይረክተር ብዓል-መዚ ሲቪል ኣቪየሽን ኣቶ ጳውሎስ ካሕሳይ ዝመርሖ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ምውሓስ ጸጥታን ድሕነትን ኣቪየሽን ዘተኩረ መደረ ኣሰሚዑ።

ኣቶ ጳውሎስ፡ ምውሓስ ጸጥታን ድሕነትን ኣቪየሽን ዘይነጻጸሉ ምዃኖም ብምግንዛብ፡ ኤርትራ ብዕቱብ ከምእትሰርሓሉ ብምግላጽ፡ ብጉልባብ ሕጊ፡ ሕጋጋትን ውዕላትን ኣህጉራዊ ውድብ ሲቪል ኣቪየሽን፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኣባል ሃገራት ይግህስ ስለዘሎ፡ እቲ ውድብ ንክብሩን ተኣማንነቱን ካብ ዝፈታተኑ ጉዳያት ክሕሎብ ጸዊዑ።

ክሊማዊ ለውጢ ንምግታእ ብሓፈሻ፡ 2 ሚእታዊት ዘሎ ካብ ነፈርቲ ዝትፋእ ጋዞት ድማ ክሳብ 2050 ናብ ዜሮ ንምውራድ ድማ ብፍላይ ዝዘበል እማመ ግብራዊ ክኸውን ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ብኢንዱስትሪ ንዘማዕበላ ሃገራት ዝያዳ ዘርብሕ፡ ብኣንጻሩ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝዀብኣን ምቕሊት ዕዳጋ መጎዓዝያ ኣየር ዝፍጥግ ስለዝኾነ፡ ኣብ ምግታእ ንዳለም ዘናውጽ ዘሎ 98 ሚእታዊት ብከላ ክተኮር ተማሕጺኑ።

ንምምዕባል ሰብኣዊ ጺጋ ብዝምልከት፡ ኣቶ ጳውሎስ፡ ኤርትራ ኣብ ትምህርትን ስልጠናን ኣቪየሽን ወጻኢታዊ መደባት ስልጠና ተኻይድ ከምዝነበረት ገሊጹ።

ጉቡንቢ ጉባኤ፡ ልኡኽ ኤርትራ፡ ቴክኒካውን ሞያውን ፍልጠት ንምስፍሕፋሕ ናይ ሓባር ረብሓን ሸርክነትን ንምብራኽን ዝዓለመ ርክባት፡ ምስ ወከልትን ሰብመዚን ሩስያ፡ ቻይና፡ ሱዳን፡ ደቡብ ኮርያ፡ ስጳኛን ሲንጋፖርን ኣካይዱ።



# ዓለማዊ መዓልቲ ሰረብራላዊ መልመስቲ ብደረጃ ሃገር ተዘኪራ

6 ጥቅምቲ - ዓለማዊ መዓልቲ ሰረብራላዊ መልመስቲ፡ "ኣለንትናዊ ሓልዮት፡ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ንዘለዉ ንጽውዕ" ብዝብል ቴማ ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ ተዘኪራ።

ኣቦመንበር ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ጨንፈር ዞባ ማእከል ኣቶ ያሲን ኣሕመድ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ሰረብራላዊ መልመስቲ ኣብ ሓንጎል ብዘጋጥም መጉዳእቲ ዝስዕብ፡ ጉሉሕ ናይ ምንቅስቓስን ኣቃውማን ጉድለት ዘኸትል መትናዊ ስንክልና ምዃኑ ብምብራህ፡ ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ዓለም ልዕሊ 17 ሚልዮን ሰባት፡ ኣብ ሃገርና ድማ ኣብ ማሕበር ዝተጠርነፉ ልዕሊ 1600 ምስ'ዚ ስንክልና ዝነብሩ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ኣብ ሃገርና መሰል ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ንምርግጋጽ ዝተኻየደ ጎዕዞ ተስፋ ዝህብ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ሕብረተሰብ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ንዘለዉ ሰባት ሓቛፊ ባይታ ክፍጠረሎም ጸዊዑ።

ወኪል ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል ኣቶ ቴድሮስ ፍስሃየ ብወገኑ፡ ምስ ሰረብራላዊ መልመስቲ ዘለዉ


ስእሊ. ሮቢል መረሰዕ



ሰባት ብዘይ ኣድልዎ ክሳተፉን ንቡር ህይወቶም ክስተማቕሩን ኣበርክቶ ናይ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያን ኣካላት ክብርኽ፡ ብዝበለጸ ድማ ረቡሓኦም ኣብ ምስጓም ብንቕሓት ክሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት'ታ ዕለት፡ ካብ ኣፍደገ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ክሳብ ሲነማ ሮማ ዝተጓዕዘ ኣነቓቓሒ ጭርሖታት ዝሓዘ ሰልፊ ተኻዪዱ።

ዓለማዊ መዓልቲ ሰረብራላዊ መልመስቲ፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 14፡ ኣብ ሃገርና ድማ ንመበል 7ይ ግዜ'ያ ተዘኪራ።

ዜና

# መንደፈራ - ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዝተረኽበ ውጽኢት ተገምጊሙ

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ንዝተረኽበ ውጽኢት ዝገምገመ ርክብ ብ3 ጥቅምቲ ኣካዪዱ።

ሓላፊት ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር ብላለ ኣርኣያ ኣብ ዘቕረበቶ ጸብጻብ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ካብ ዝተፈተኑ እቶም 72 ማእታዊት ከምዝሓለፉ ብምጥቃስ፡ ቅድሚኡ ካብ ዝነበረ ዓመት ብ10 ማእታዊት ከምዝዓበየ ኣብሪሃ።

ዝተረኽበ ኣተባባዒ ውጽኢት፡ ኑቲ ዓቕሚ ተመሃሮ ንምምሕያሽ ብደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ዘጸር ምዃኑ ዝሓበረት መምህር ብላለ፡ ትሑት ውጽኢት ዘመዝገባ ኣብያተ-ትምህርቲ ድኻመን ኣለልየን ንምፍዋሱ ኣበርቲዐን ክሰርሓ ኣዘኻኺራ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ገብሩ ሓደሽ ብወገኑ፡ ጠንቅታት ድኹም ውጽኢት ኣለኺ ፍታሕ ምንዳይ መሰረታዊ ዕማም ኣብያተ-ትምህርቲ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ርእሱ-መማህራን ብዕቱብ ክሰርሑ ተማሕጺኖም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዝደኸመ ተመሃሮ ኣለኺ ንምሕጋዝ ዝተብገሰ መደባት ተገምጊሙ ዝያዳ ንኽደፍኣሉ መምርሒ ስራሕ ክውሃብ፣ ብወገን ወለድን ኣለይትን ዝርአ ሽለልትነት ክውገድ፣ ብሉጻት ተመሃሮ ንምትብባዕ ዝወሰድ ተበግሶታት ድማ ክደፍኣሉ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ተስፋይ ጺጋይ፡ ውጽኢት ተመሃሮ ንምብራኽ ዝተገብረ ዘሎ ጻዕሪ ኣብ ሸቶኡ ንኽበጽሕ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጻዕርታቱ ከምዝዛይድ ኣረጋጊጹ።



ስእሊ-የዕበዮ ባህታ

# ማእከል - 36 ኣብነታውያን መምህራን ተሸሊሞም

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ምስ ጨንፈር ማሕበር መምህራን ብምውህሃድ፡ 15 ደቀኣንስትዮ ንዝርከብኦም 36 ኣብነታውያን መምህራን ሸሊሙ።

እቲ ብ4 ጥቅምቲ ኣብ ኣዳራሽ ኤክስፖ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ብምኽንያት 5 ጥቅምቲ ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን ዝተወደበ'ዩ።

ተሸለምቲ፡ 8 ዓመትን ልዕሊኡን ናይ ስራሕ ተመኩሮ ዘለዎም ብሉጻት ኮይኖም፡ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ፡ መባእታ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብ ምሕደራ ዝጸንዑ'ዮም።

ሓላፊ ጨንፈር ማሕበር መምህራን ዞባ ማእከል መምህር ዳኒኤል መንግስትኣብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንብሉጻት መምህራን ምትብባዕ ክጽዕ'ቲ ኣብ ተሸለምቲ ዝፈጥሮ ድርኺት፡ መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብዓይነት ንምምሕያሽ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ብወገኑ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን ንስለ ዘኽብሪ ጥራይ ዘይኮነት፡ ሞያዊ ሓላፍነት እንበራብረላን መብጽዓና እንሓድሰላን ዕለት ከምዝኾነት ብምሕባር፡ ንተሸለምቲ የሐንኡ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ተሸለምቲ፡ ሜዳልያን ወረቐት ምስክርን ካብ ኣድ ናይ ክብሪ ዕዱማት ተቐቢሎም።

እቲ መደብ፡ ብስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ማዕርጉ ነይሩ።

ለሚ ዓመት፡ "ምሕያል መማህራን፡ ተጻዋርነት ብምድንፋዕ ነባሪ ምዕባለ የረጋግጽ!" ብዝብል ቴማ ብደረጃ ዓለም ንመበል 32፣ ብደረጃ ሃገርና ድማ ንመበል 29 ግዜ ትዝከር ዘላ ኣህጉራዊ መዓልቲ መምህራን፡ ብቐጻሊ ብዘይተቋረጸ ኣብ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝተዋፈረ ዜጋን ትካልን ሕሉፍ ኩነታት ብምምዝጋብ፡ ንመጻኢ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ንምብጻሕ ሓላፍነት እተሰከመ ዕለት ምዃና፡ ማሕበር መምህራን ኤርትራ ኣብ ዘውጽኦ መልእኽቲ ኣዘኻኺሩ።




ስእሊ-ፈያመት መስፍን


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ፎሮ - ኮፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ማሕረስ ይህብ ኣሎ

ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ - ምምሕዳራት ከባቢ ኣፍታ፡ ዙላ፡ ሮብሮብያን ኣደርማለን ትራክተራት ኣዋፊሩ ልዕሊ 2000 ሄክታር ግርሁ ሓረስቶት ብርትዓዊ ዋጋ ይሓርስ ኣሎ።

እቲ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ጥቅምቲ ዝቕጽል ኣገልግሎት ማሕረስ፡ ንሓደ ሰዓት ብሕሳብ 150 ናቕፋ ኩይኑ፡ እቶታውነት ሕርሻ ክብ ኣብ ምባል እወታዊ ጽልዋ ከምዘሕድር፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣቶ ዑስማን ዒራፋ ገሊጹ።

ንምድላዋት ሓረስቶት ኣመልኪቱ ኣቶ ዑስማን፡ ሓረስቶት ብሓፈሻ ሓረስቶት ዙላን ኣፍታን ድማ ብፍላይ፡ ካብ ወርሒ ሓምለ ኣትሒዞም ኣብ ምስራሕ ዓሞቛትን ጀረፋትን ተጸሚዶም ምጽንሖም ብምጥቃስ፡ ዝሓሸ ውጽኢት ንኽርከብ፡ ናብ ከቦሳታት ዝኸዱ ሓረስቶት ግራውቶም ብኣጋ ከዳላድሉን ክጅርፉን ተላቢዩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣቶ ተስፋይ ተወልደ ብወገኑ፡ ለሚ ዓመት ዝነበ ደንገዩ'ኳ እንተጀመረ፡ ካብ ከቦሳ ብዝወረደ ውሒዘ 8 ግዜ ኣብ ዝሰተየ ግራውቲ ንጥፈታት ምጅራፍን ምዝራእን ይካየድ ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ለሚ ዓመት መሸላ ብሰፊሑ ክዝራእ መደብ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ዝሓለፈ ዓመት ብሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ወሰናት ኣብነታውያን ሓረስቶት ዝተፈተነ መደብ ንኡስ ርብሒ ቃጽያ ሕርሻ ጸቡቕ ውጽኢት ከምእተረኽቦ ጠቒሱ ድማ፡ ለሚ ዓመት ንምስፍሑ ብደረጃ ዞባ፡ ንኡስ ዞባ፡ ምምሕዳር ከባቢን ዓዲን ኮሚቴታት ቈይመን ኣብ ምድላው ከምዝርከባ ኣፍሊጡ።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ መእለዩ ውሓይዝን ጀረፋትን ኣብ ምስራሕ ኩባንያ ህንጻ ቀይሕ ባሕርን ምምሕዳር ንኡስ ዞባን ንዝገበሩሎም ደገፍ ብምምስጋን፡ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን እኹላት ትራክተራት ኣብ ግዜኡ ምውፋሩ፡ ኣብ ምዕዋት ናይ'ቲ ስራሕ ዕዙዝ ኣበርክቶ ከምዘበርከተ ገሊጾም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጥዕና ሓንጎል ዘሐይል ምውሰዋስ ኣካላት



ምውሰዋስ ኣካላት ኣብ ጥዕና መላእ ሰብነትና ዘለዎ ልዑል ጥቕሚ ብዘተፈላለዩ መጽናዕትታት ክግለጹ ጸኒሖም እዮም። እዚ ጽሑፍ'ዚ ግን፡ ምውሰዋስ ኣካላት ብፍሉይ ኣብ ኣእምሮና ዘሀልዎ ጥቕሚ ኣተኩሩ ዝተኻየደ እዋናዊ መጽናዕቲ እዩ ኣሰፊሩ ዝርከብ።

ምውሰዋስ ኣካላት ንጥዕና ሓንጎል ኣገዳሲ እዩ - ተገንዘቦኣዊ ሓይሉ የዕቢ፡ ኩነተ-ኣእምሮ የሐድሰን የሐይልን፡ ንተኽእሎታት ሕማም ኣእምሮኣዊ መትኒ የጉድል።

ከም ምጉያይ፡ መሳልል ናይ ገዛ ምድያብ፡ እግሪ ምሕኳር፡ ምልዓል ክብደት፡ ብእግሪ ምግዓዝ፡ ብሽክሊታ ምዝዋር፡ ምሕንባስ፡ ወዘተ. ኩሎም ምስ ምውሰዋስ ኣካላት እዮም ዝጽብጸቡ። ኩሎም ድማ ጥዕና ኣካላት ኣሐይሎም፡ ኣካላዊ ብቕዓትና ከም ዝዓቢ ኣብ ምግባር ኣኸይ ግዜ ርእሶም ጥቕሚ ኣለዎም።

ኣቐዲሞም ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከም ዘመልከትዎ፡ ቀጻልነት ዘለዎ ምውሰዋስ ኣካላት፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሰብነትን ኣእምሮን ዘሎ ርክብ ስለ ዘሐይሎ፡ ካብ ወጥርን ጭንቀትን ናጻ ከም እትኸውን ይገብሩ።

ይኹን'ምበር፡ ዝተፈላለየ ሰብ ምስ ኩነታት ኣካላዊ ብቕዓቱን ፍትወቱን ዝሰማማዕ ዝተፈላለየ ዓይነት ስፖርት ክካየድ ይኽእል እዩ። ኣብ ክንደኡ ግን እቲ ምኽኻ ዝኾነ ዓይነት ምውሰዋስ ኣካላት ምስ ክእለታት ተመጣጣኒ ኣሎ ወጻእታውን ይኸውን።

ቀጻሊ ምውሰዋስ ኣካላት ምክያድ ጥዕና ዘለዎ ህይወት ክትመርሕ ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ፡ ኣህላኺ ዝኾነ ምውሰዋስ ኣካላት ምዝውታር ግና ንባዕሉ ሓያሎ ኣሉታዊ ጉድኣት እዩ ዘለዎ።

ካብ 65 ዓመት ዝዕድመኦም ልዕሊ 40 ሚእታዊት ሽማግለታት፡ ተገንዘቦኣዊ ዓቕሞም ብዝተወሰነ ዓቐን እናጎደለ ከም ዝኸይድ እዮም መጽናዕትታት ዘመልክቱ። ስለዚ እዚ ብቕዓት'ዚ ናብ ንቡር ንምምላስ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ሓደ ምውሰዋስ ኣካላት እዩ።

### ምውሰዋስ ኣካላት ብኸመይ እዩ ንጥዕና ኣእምሮ ዘሐይሎ?

ምውሰዋስ ኣካላት፡ ሓደስቲ 'ነውሮንስ' (ዋህዮታት ኣእምሮ) ንኽፍጠሩ ይሕግዝ። ኣብ ኣእምሮና እኹል ዝኾነ 'ነውሮትሮፊን' (neurotrophins) ክፍረ'ውን ይሕግዝ። 'ነውሮትሮፊን'፡ ፕሮቲን ኮይኑ፡ ኣብ ስርዓት መትኒ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ሓንጎል (central nervous systems)፡ ዝርከቡ ዋህዮታት ዝዕቢ ጸጋናን ዕማምን ይቆጻጸር። ሓደስቲ ዋህዮታት ንኽፍጠሩን ብግቡእ ክዕበዩን የዕቁብ።

#### ንጥዕና ኣእምሮ ዝበለጸ ምውሰዋስ

ሚዛን ሰብነትና ዘሐሉ፡ ተዓጻጻፍነት ኣካላትና ዘሐይል፡ ዝኾነ ዓይነት ምውሰዋስ ኣካላት ክሳብ ዓቕሙ ዝተሓለወ ንጥዕና ኣእምሮ ኣገዳሲ እዩ። ኤውሮቢክስን ተጻዋርነት ንምዕባይ ዝዓዩ ከም ጉያን ምሕኳርን ዝኣመሰሉ ምውሰዋስ ኣካላት ብኽእለታት ኣእምሮ ቀዳምነት ዝወሃቦም ዓይነት ምውሰዋስ እዮም። ተጻዋርነት ንምዕባይ ዘገድሱ ዓይነት ምውሰዋስ ኣካላት፡ ንንጥፈትን ዓቕምን ኣእምሮ ኣብ ምሕያል ልዑል ግደ ስለ ዘለዎም፡ ተገንዘቦኣዊ ዓቕሚ ናይ ኣእምሮ ኣብ ምዕባል ልዑል ተራ ይጻወቱ።

#### ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ዓቐን

ንጉቡር ምውሰዋስ ኣካላት ወጻኢታዊ ክኸውን እንተኾይኑ፡ ቀጻልን ስሩዕ ግዜን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ። ጥዕና ኣእምሮና ንምሕያል ኣብ ሰሙን 150 ደቓይቕ ምውሰዋስ ኣካላት ክካየድ እዩም ክኢላታት ዝምዕዱ። ዕድመ ዝደፍኡ ሰባት፡ ን30 ደቓይቕ ዝጸንሐ፡ ኣብ ሰሙን ክልተ ሳዕ ተጻዋርነት ንምዕባይ ዝሕግዝ ከም ብእግሪ ምግዓዝ ዝኣመሰሉ ምውሰዋስ ኣካላት ክካይዱ ይምከሩ።

ምውሰዋስ ኣካላት ኣብ ምዕባይ ሞለኩል

#### ሰብነትና

ዝኾነ ዓይነት ምውሰዋስ ኣካላት ፈለማ ንጭዋዳታት ሰብነት እዩ ዝተርንዕ። ኩሎም ኣካላት ሰብነትና ድማ ብጭዋዳታት ዝተሃንጹ እዮም። ብግቡእ ስርሖም ክካየዱ ድልዱልን ተዓጻጻፍን ጭዋዳ ክህልዎም ይግባእ። ንኣብነት፡ ልቢ ብግቡእ ደም ክትጭንገዕ ብግቡእ ዝተሃንጸ ጭዋዳ የድልያ።

ኣካላትና ምስ ዝወሳወስ፡ ኣብቲ ልቢ እትጭንገዮ ደም፡ ሞለኩላት ተሓዊሶም ናብ መላእ ሰብነትና እንተላይ ናብ ሓንጎልና ይበጽሑ። 'ኣይረሲን' (irisin) ዝተባህሉ ሞለኩላት ንኣብነት፡ ኣብ ሓንጎልና ንዝርከቡ ዋህዮታት 'ነውሮንስ' ንምሕያል ኣገደስቲ እዮም። ምስ ዋሕዚ ደም ድማ እዩ ናብ ሓንጎልና ክበጽሑ ዝኽእሉ። ካብ ምውሰዋስ ኣካላት ሰብነትና ግቡእ ረብሓ ክንረክብ እንተኾይኑ፡ ጽቡቕ ዝኾነ ዑደት ደም ክህሉ ኣለዎ።

ብቑዕ ምውሰዋስ ኣካላት፡ ዑደት ደም ስለ ዘሐይል፡ ኣብ መንጎ ሻምብቆታትን ኣብ ሓንጎል ዝርከቡ ዋህዮታት ኒውሮንስን ዝህሉ ርክብ ዝሓየለ እዩ ዝኸውን። እዚ ንምፍራይ ናይቶም ዋህዮታት ስለ ዝተባብዕ፡ ዓቕን ናይ ሓንጎል ከም ዝሰፍሕ ይገብር። ብኣግኡ ብሕማም ረሰዕ ካብ ምጥቃዕ ድማ ይከላኸል።

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ጥዕና መላእ ኣካላትና

ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ጭዋዳታት ኣካላት ጸዓት ብምህላኽ ዝፈጥሩዎ ናይ ምጭባጥን ምዝርጋሕን መስርሕ ገይርካ ይግለጽ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ - ኣካላት ምሉእ ጥዕናን ብቕዓትን ከም ዝህልዎም ይገብር።

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከድሕን ዝኽእል ዓይነት ክንክን ጥዕና ምዃኑ ክኢላታት የመልክቱ። እኹል ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስ ዘይትገብር ግን፡ ብሰንኪ ኣብ ኣካላት ዝእከብ ዘይተደልየ ስብሓ፡




ንዘይተመሓላለፍቲ ሕማማትን ካልኦት ሓፈሻዊ ጥዕናዊ ጸገማትን ክትቃላዕ ትኽእል።

ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ 2015 ዘውጽኦ ጸብጻብ ከም ዘመልክቶ፡ ብቑዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብዘይ ምክያድ ኣብ ዓለም ዓመታዊ ኣስታት 3.2 ሚልዮን ሰባት ይሞቱ። ብመሰረት'ዚ ጸብጻብ፡ ካብ 4 እኹላት ሰባት እቲ ሓደ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣየዘውትርን።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እኹል ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምክያድ ራብዓይ ደረጃ ጠንቂ ሞት ደቂ ሰብ ኮይኑ ተሰሪዑ ይርከብ። ኣብ ዓለም ካብ ዘጋጥም ጠቕላላ ብዝሒ ሞት እቲ 6 ሚእታዊት ብቑዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብዘይ ምክያድ የጋጥም።

ረብሓ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ እኹል ኣክስጅን ኣብ ኣካላት ብምእታው ንዘተመጉበየ መግቢ ከም ዝቃጸል ብምግባር ናብ ጸዓት ለዊጡ ልዕሊ ንቡር ስብሓ ኣብ ኣካላት ከይእከብ ይከላኸል።

#### ብቑዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምክያድ ዝርከቡ ረብሓታት፦

- ዝተፈላለዩ ዓይነት ነቀርሳ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ካብ ምምዕባል ይከላኸል።
- ስራውር ደምን ጭዋዳታትን ብግቡእ ንጥፈታቶም ክካይዱ ይሕግዝ። ኣዕጽምቲ ኣካላት የትርር።
- ኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ንጥፈታት የበራብር።
- ምሉእ ጥዕናን ነዊሕ ዕድመን ክህልወካ ይገብር።
- ዝተመጣጠነ ክብደትን ቁመትን ሰብነት ክትውንን የኽእል።
- ጭንቀትን ሕማም ረሲዕን ብምጉዳል ርእሱ-ተኣማንነት የዕቢ።
- ድቃስ ናይ ምስኣን ጸገም የጉድል፡ ሕማቕ ወልፍታት ካብ ምምዕባል ይከላኸል።
- ሕጉስ ከም እትኸውን ይገብር ወዘተ።

ከም ሕማም ልቢ፡ ሽኮር፡ መንሽሮ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሕማማት ኣእምሮ፡ ምኽዛን ዘይድለ ዓቐን ስብሓ (cholesterol)፡ ሕማማት መላግቦን ካልኦትን ብጉድለት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ካብ ዝስዕቡ ጥዕናዊ ጸገማት እዮም።

#### እኹል ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንምግባር ካብ ዝሕግዙ ነገራት፦

- ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ዋላ ንሓጺር ርሕቀት ተሽከርከርቲ ምጥቃም፡
- እቲ ባህርያት ስራሕ ብዙሕ ምንቅስቓስ ዘይጠልብ ምዃኑ፡
- ብምትእትታው ማሽነሪታትን ካልእ መሳለጥያን ትሑት ጉልበታዊ ስራሕ ምክያድ፡
- ንምንቅስቓስ ኣካላት ዝዓለመ መዛናግዒ ማእከል ዘይምህላው ወዘተ።

#### መዓስን ብኸመይ ኣገባብን ምንቅስቓስ ኣካላት ካይድ?

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ዝሓየ ጉልበትን ዝወስዱ ንውሓት ግዜን ይፈላለ እዩ። ስለዚ፡ ምስ ኩነታት ጥዕና፡ ዕድመ፡ ግዜ፡ እትወስዶ ዓይነት መግቢ፡ ኣካላዊ ብቕዓትን ካልእን ብዝሰነ መንገዲ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክትገብር ከም ዘለካ እቲ ቀዳምነት ብኽኢላታት ዝወሃብ ምኽሪ እዩ። ዝኾነ ሰብ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ከም ዘድልዮ ግና ክንዝንግዖ የብልናን።

ናይ ንግሆ (ቅድሚ ቁርሲ) ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባር፦ እዚ ዝተኸዘነ ዘይድሊ ስብሓ ብምቅጻል ክብደት ሰብነት ንምጉዳልን ቅርጺ ኣካላት ንምሕላውን ይሕግዝ። ንግሆ ካብ ናይ ካልእ እዋን ዝያዳ ድሉውነት ኩነተ ኣእምሮ ስለ ዝህሉ ነቲ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብዘይ ምስልቻው ክተካይዶ ትኽእል። ሙቐት ኣካላት ንምምጥጣን ግዜ ስለ ዘድሊ ግና ነቲ ምውሰዋስ ኣካላት ንነውሕ ዝበለ እዋን ከተካይዶ ይምከር።

ኣብ እዋን ቀትሪ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባር፦ ካልኦት ሰባር ክንቀሳቐሱ ስለ እትዕዘብ ጸምዋ ኣይስመዓካን። ኣብ ውሽጢ ኣካላትካ ንዘወዓለ ጸቕጢ ንምህዳእ ድማ ይሕግዝ።

ናይ ምሸት (ድሕሪ ድራር ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባር፦ ንምንቅስቓስ ዝኸውን እኹል ግዜ ይህልወካ። እኹል ኣክስጅን ስለ እትረኽበ'ውን ዝተመጉበየ መግቢ ብቐሊሉ ክተሕቅቕ ዕድል ትረክብ። ዘይተደልየ ስብሓ ኣብ ኣካላትካ ንኸይእከብ ይከላኸል። ጽቡቕ ንኽትድቅስ ይሕግዝ። ኣእምሮ ብምዝናይ ጸቕጢ የጉድል።

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንኹሉ ሰብ ኣገዳሲ ኮይኑ፡ ከም ሕማም ልቢ ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት፡ ነፍሰ ጾራትን ሓራሳትን ክወስድኦ ናይ ዝግበኦን ብቕዓት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስ ሓኪም ብምርድዳእ ክኸውን ይግባእ።

ምንጪ፦ medicalnewstoday



---

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ዕላል ተመክሮ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:12 | ደክመንታሪ |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:30 | ደክመንታሪ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዘማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፍታት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ስነ ጥበባዊ ኩን ከኣ መጽኣኒ

ጽሓፍ ጽሓፍ፡ ድረስ ድረስ፡ ሳዕስዕ ሳዕስዕ፡ . . . ይመጽኣኒ'ሞ፡ እንታይ ኢለ ከም ዝጽሕፍ፡ ዝደርስ፡ ከመይ ኢለ ከም ዝስዕስዕ ግን ይሕርብተኒ። እዞም ጸሓፍቲ ክንደይ ተጓዲሎም ጽሒፎም ዝኽእሉ፧ እዞም ሰኣልቲ'ባ ክንደይ ተባሪኾም ወቁብ ስእልታት - ህይወት ዘለዎ ዝመስል'ወ - ስኢሎም ዝኽእሉ፧ እዞም ሳዕሳዕቲ . . . ኢለስ እግረምን እቐንእን፡ ንኣየም ከፍርዮ ኣነ ክቐንእ ተዋሪደ'ኳ። ኣብ ግዝ ተዓጽየ እጽሕፍ፡ እቐዶ፡ መዚቃ ወለዐ ንበይነይ ሸሽ እብል፡ ከምኦም ከኣሎ ዘይክእለ። . . . ምጽሓፍ፡ ምስኣል፡ ምድራፍ፡ ምቕባእ፡ . . . ከቢድ ደዩ ዘኽብዶ'ሽ እንታይ እዩ፧ ሳዕስዒት፡ መልክዕ ኣለዎ፧ ኣብ ዝበል ከመራመር እፍትን'ሞ፡ መልሲ ኣይረኽበን። "ምጽሓፍ፡ ጸሓፍነ'ዩ ዝኽእል" እትብል ብገለ ዝሶማዕኩዋ ኣበሃህላ መሲጣትኒ፡ ብዙሕ ግዜ ክጽሕፍ ፈቲኑ፡ ሰላሳ ዓመት ኮይኑ ግን ገና ኣብ ፈተነ ምጽሓፍ ኣለኹ። ሓንቲ መዓልቲ ንዘልኣለም እተሰምዮኒ ዕዮ ክጽሕፍ'የ ዝፀሙ። እምበር፡ ከምዚ ናይ ገለኣየምሰ፡ ማለት ከም ናይዞም ኣብ ሓንቲ ለይቲ መጽሓፍ ምሉእ ደሪሰና ዝብሉ፡ ካብ ሰበይ ኣይምሓመቕኩን ማስለኒ። ኣነ ግን ባህገይ ሓንትን ክዮንትን ምፍራይ እዩ፣ ወይ ድማ ብርኩታትን ክዮንቲታትን። እዚ ዳሕረዋይ፡ ውሑዳት ዝመልክዎ ዝለዓለ ጥበብ'ዩ ክበሃል ሰሚዐ። ብዙሕን ጥምዙሕን ይቕልል ካብ ሓንትን ክዮንትን ዝተባህለ'ውን ኣማን ዘረብብሉን።

ጥዑም ሓሳብ ይመጽኣኒ'ሞ፡ ክጽሕፎ ምስ በልኩ ይኣበየኒ። ቅጀልታ ሓሳብ ይቕጀለኒ፡ ክቕብኦ ብራሽ ምስ ኣልዓልኩ ይሃሰኒ። ሓሳብ ግጥሚ ዱብ ይብለኒ'ሞ ክወርቖ ምስ ኸቕልኩ ይሃድመኒ። . . . ኣብ ሓሳበይ፡ ኣብ ሕልመይ ክጽብቖ ኮይኑ ዝርኣየኒ፡ ኣብ ግብሪ ግን ብኸፆምቲ ዝደልዮ ክሰፍረለይ ኣይክእልን። ግጥሚ ይቕልልን ይሓጽርን ይኸውን ኢለ እንተ ፈተንኩ፡ ግጥሚ ሓጺር በሪኽ ኮይኑ ረኺበዮ። "ክላእ ምውሳእ ይሓይሽ!" ኢለ ቅድሚ ናብ መድረኽ ምድያበይ በየናዊ ፈተነ ገይረሰ ሓፊረ ጉዲፈዮ። ድምጻዊ ክኸውን'ሞ ክንደይ እዋን ዘይሓለምኩን ዘይፈተንኩ፧ ድምጸይ ሸለው ዘበል ኮይኑ ይሰምዓኒ'ሞ፡ ዘሶማዕኩዎም ሰባት እንዝኖም እናዓጸዉ ይሸዱኒ። ኣነ ግን እንታይ ግደይ "ደራፋይ" እየ ዝበሎ ንፍሰይ። ግደ ሓቂ ግን እንታይ ኮይኑ'ዩ እዚ ጥበብ ዝኣበየኒ ወይ ዝሃድመኒ ዘሎ ብዓማል መመለሰ እርጋጸ። ከመይ ገይሮም'ዮም እዞም ዕውታት ጸሓፍቲ ዝጽሕፉ ኢለስ እግረም። ካብ ናይ ብዙሓት ጽሕፈት ዝበልጽ ክጽሕፍ ከም ዝኽእል ግን እተኣማመን'የ። ምኽንያቱ፡ ክንብበ ኢለ ዝጀመርኩዋ መጽሓፍ፡ ከይጀመርኩ ብትርኪ-ምርኪ ፈኮስቲ ሓሳባት፡ ወኒ ዘይስልቡ ምሉኣት ሓሳባት፡ ተራ ቃላት፡ ካብ ዘረባ ዘይሓይሽ ኣቀራርባ ይኸዛኒ። ከምዚ'ሞ ሞይቶ ኣይጽሕፍን፧ ዘይገደፎ! መን ኩቢደይ ረገጺኒ! ኢለ እገድፎ። ኣነ ዝደልዮ ዘለኹ፡ ዘንበብ ዘበለ ዝምስጦ፡ ዝዘረቦ፡ ዝግረመሉ . . . ወሃ ዘበለት ዕዮ ምስራሕ'ዩ። ከማዞም ኳና ቃላት ደርዲሮም ደሪቶም ኣፊሓም ንመሪፈት ኣይትጽርኒ ዝበሉዋ ክኸውን'ሞ ኣይሓስቦን። ኣነ ብቑዕ ጸሓፊ፡ ደራሲ፡ ሰኣሊ፡ ቀባኢ፡ ዜማዊ . . . ክኸውን'የ ዝደሊ ዘለኹ፧ ትርድኣኒዶ ኣለኹም፧

ሓደ እዋን ግጥሚ ምጽሓፍ ዝሓርበኩ ሰብ፡ ኣሶማት ዝጸዓተሎም ገጠምቲ ዓድና እናጠቐሰ፡ ቅዱስ ቅንኢ ይቕንኣሎም ነበረ። "ስለምንታይ እየ ኣነ ከምኦም ክገጥም ዘይክእል፧" ዝበል ሕቶ ምስ ኣቦሳጨዎ፡ ንሓንቲ ካብኦም ገጠምቲ ረኺቡ ጸገሙ ኣካፈሎ። ንሳ ኣቕልል ኣቢላ፡ "ትኽእሎ ኢኻ፣ ጥራይ ደጋገምካ ጥዑማት ግጥምታት ኣንብብ" በለቶ።

ሸዑ ናይ ሓሙሽተ ገጠምቲ ግጥምታት ተረር ኢሉ ብምውጻእ፡ "ንግጥምታትኩም ከም መዘመርኮ'የ ዘወጽኣ!" በሎ። "ማመት"፡ "ከም ቀሎ መሸላ"፡ "ሓርነት ደልየያ"፡ "ጸበል ናቕፋ". . . ዝበሃላ ግጥምታት ከም ዘጸልኣ ብምግላጽ፡ "ገጠምተን እንተ ዘፍቅዱለይሲ ናተይ


ጽሓፍ

እየን ምበልኩ" በሎ።

"ናይ ብሓቂ ዲኻ ክትገጥም ደሊኻ፧" ሓተተቶ ኩነታቱ ምስ ተዓዘበት።

"እወእ! ዝኾነ ደኣ እንታይ ሕቶ ደሊኽሉ፧" በላ ባህጊ ልቡ ምኳኑ ብምግላጽ።

"እሞ፡ 'ግጥሚ ኣብዪ' ኢልካ ግጠም!" በለቶ ኣብ መውዳእታ።

"እንታይ፧" ኣይተረድኦን።

"ግጥሚ ኣብዪ ኢልካ ግጠም!" ደገመትሉ'ሞ ተፈላለዩ።

ንጽባሒቱ፡ ናብ ዘሎቶ ከይዱ - ከምዚ ሕጂ ሞባይል ኣይነበረን - ረኺቡ፡ ዘረባ ዘይብሉ ሓንቲ ወረቐት ኣረከባ። ኣርእስቲ ናይታ ኣብታ ወረቐት ዝነበረት ግጥሚ፡ "ግጥሚ ኣብዪ" ዝበል ነበረ። ኣንበበታ፣ ደገመታ፣ ደጋገመታ። ኣብ መውዳእታ፡ "መን ገጢሙልካ፧" ክትብል ተወከሰቶ።

"እወእ! ኣነ" መለሰላ ብሕቶኣ ተገሪሙ።

"እዛ ግጥሚ'ዚኣ፡ ከም ናይቶም እትደንቐሎም ገጠምቲ ደረጃ ኣለዋ። ብዘይቀልዓለም ብልጽቲ እያ። ብልጽቲ ዝጉበራ ድማ ውሽጣዊ ስምዒትካ ስለ እትገልጽ'ዩ። 'ግጥሚ ኣብዪ' ክትብለኒ እንከለኻ ብዙሕ ግምት እህቦ ኣይነበርኩን። በዘ ግጥሚ ግን ዓቢ ናይ ምግጣም ባህጊ ከም ዝነበረካ ተረዲአ፣ ጥቡብ ባህግን ስምዒትን ውሽጢ'ዩ" በለቶ።

"ናይ ልብኺ ዲኺ፡ ነጃ፧" በላ ከተተብዕዮ ከምኡ ትብሎ ዘበረት ስለ ዝመሰሎ።

"ገጠምቲ ቀልዓለም የብሎምን። ግጥሚ ከም ዘይሕሱ ትፈልጥዶ፧"

"የጋንንምባር ኣይሕሱንዩ ክበሃል ሰሚዐ ኣለኹ።"

"ብርግጽ፡ ምግናንሞ ካብ ባእታታት ግጥሚ'ዩ። ግን ከኣ ጽባቐ ዘለዎ ኣጋንኖ ክኸውን ኣለዎ፧" ምስ ሓሳቡ ተሰማምዐት።

"ከም ናይ 'ማመት' ማለት ደዩ፧" ብምባል ካብታ ተረር ኢሉ ዘወጽኣ ግጥሚ 'ማመት ጓለ'ቦይ ጸባኡ' ጠቐሰላ፡

(. . .)
ጓል እኖ ጓል ዕዳጋ ረቡዕ
ወሰደዮ ተኣጓ ዝራብዕ

ጸጉሪ ርእሳ ኣዳገር ዜሕብእ
ቅርሲብ ዓይና ድንብኣ ማይ ዜድንብእ
እንጉይ እንጉይ ወድኣኒ ኣዛብእ
ንቱ ማዕጾ ኣብልዮ ኣግቡእብእ
ከይርኢ ዚሓልፍ ዚገብእ።

(. . .)

ጓል እኖ ጓሊያ እንቀፉ
ጸጉሪ ርእሳ ባላ መደገፉ

ቅርሲብ ዓይና ኰሕሊ መሪጋፉ
እንኳን ዓለም ኣቐሸሽቲ ሓነፉ።

"ብርግጽ። እቲ ብዝበዝሒ ዘንብቦዮ ኣብዚ ግጥምኻ ተንጸባሪቑ'ሎ። ካብዚ ንደሓር ዝዎግዘካ የለን። ስነ ጥበብ ዕምቆት ዘለዎ ስምዒት ውሽጢ'ዩ። ኩሉ ሰብ ስምዒት ኣሎዎ። እቲ ፍልልይ፡ ንስምዒትካ ክሳዕ ክንደይ ብልዑል ጥበብ ክትገልጾ ትኽእል'ዩ። ብጥቡብ ንኽትገልጾ ድማ ንፉዕ ኣንባቢ ዝተመርጸ ዕዮታት ክትከውን ኣለካ።"

"ሓንቲ ኣቐድም ኣብለ ኣብ ሬድዮ ዝሰማዕኩዋ፡ ዕላል ኣዘኪርክኒ። ሓደ ሰብኣይ፡ ናብ ጸሓፍቲ ጉዳያት ከይዱ፡ ዘለዎ ጸገማት ነጊሩ፡ ምልክታ ክጽሓፈሉ ሓተተ። እቲ ጸሓፊ ነቲ ዝተዋገሮ ብልዑል ጥበብ፡ ውሕሉል ኣመራርጻ ቃላት፡ ኣብቲ ቀንዲ ጉዳይ ብምትኳር፡ ጸገማቱ ጸሓፈሉ'ሞ፡ ቅድሚ ነቲ ጽሑፍ ምሃቡ፡ ንምርግጋጽ ኣንበበሉ። ጸሓፊ እናኣንበበ፡ ብዓል ጉዳይ ፊቕ ኢሉ በኸየ። ንብዓ ምስ ወድአ፡ 'ደሓን ዲኻ ደኣ፧' ክብል ሓቲቶ ተገረመ። 'ይገርመካ'ዩ ክሳዕ ክንድ'ዚ ጸገም ከም ዘለዊ እፈልጥ ዘይነበርኩ!' ኢሉዎ ይበሃል።"

"ጸቡቕ ኣብነት'ዩ። እዚ ሰብ'ዚ ደጋገሙ ኣንበቡን ጸሓፍቲ ዝጥቀሙሉ ኣገባብ ተረዲኡን እንተ ዝኸውን፡ ካብቲ ናይቲ ጸሓፊ ንላዕሊ ክጽሕፍ ምኸኣለ። ምኽንያቱ ዋና ጸገማቱ ንሱ'ዩ። ቃንዙ ልዕለኡ ክፈልጦ ወይ ክሰምዖ ዝኽእል የለን። ስለዚ፡ ጥቡብ ምጽሓፍ ዓሚቝ ስምዒት ውሽጢ'ዩ። ዝንገር ዛንታ ክህልወካ ድማ ኣለዎ፧" በሉቶ'ሞ፡ ነታ ግጥሚ ኣብ ጋዜጣ ክትዝርግሓሉ ብዘኣተወቶ ቃል ኣብ ሰሙና ኣሕተመትሉ። ብድሕሪ'ዚ፡ ብርክት ዝበላ ግጥምታት ጸሓፈን ዓሚቝ ምስትምቓሩ ኣብ ግጥሚታት ካልኦት ኣዛየደን። ቅድሚ ምጽሓፍካ፡ ምስኣልካ፡ ምግጣምካ'ምባኣር ናይ ዕውታት ስነ ጥበበኛታት ፍርያት ብዝበዝሒ ኣንብብ፡ ግጥሚ እንተ ኮይኑ፡ ብዕምቆት ተረዲኣዮ'ሞ ብቓልካ ድማ ወጽኣዮ ነበረ ሕመረት ናይቲ ምኽሪ።

ምስጢር ዕውት ስነ ጥበባዊ ፍርያት፡ ጸዕርን ሞያዊ ክብርን ሰራሕቱ'ዩ። ጽሒፍ ጽሒፍ፡ ህፍፍ ህፍፍ ከም ዝበል ዘይምዝንጋዕ። ስለዚ፡ ቅድም ቀዳድም ሰንቅና ንሰንቕ፡ ንመራመር፡ ንሕሰብ፡ ዝበለጸ ዕዮታት ጥበብ ኣብ ውሽጥና ነርጽ። ግጥሚ ምግጣም እንተ ኣብዩኩም፡ 'ግጥሚ ኣብዪ' ኢልኩም ግጠሙ።

**ኢሳብ ግርማይ**

ደሃይ ሕትመት

## "ኮብላሊ" ምስ ኣንበብቲ ተላልያ




ዛንታ ህይወት ናይቲ ንመላእ ዓለም ዝዞረ ኤርትራዊ ጺጊ መራኸብትን ኩባንያታትን ከዕታ ኑዳድን እትትርኽ "ኮብላሊ" ዝተሰምየት መጽሓፍ ምስ ኣንበብቲ ተላልያ። ኣብቲ ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ሮማ ዝተኻየደ መደብ፡ ጸሓፊ ዛንታ ህይወት ተስፋይ እስቲፋኖስ፡ ኣብ ማስርሕ ምጽሓፍ ዝሓለፎ ማስርሕ ብምጥቃስ ጉዕዞ ህይወቱ ክጽሕፍ ዝደረኾ ምኽንያት ገሊጹ። "እቲ ዝሓለፍናዮ ንመንእሰይ ወለዶ ዝንገር ዛንታ ኣለዎ ብምባል'የ ክጽሕፍ ተበጊሰ" ድማ ኢሉ።

መጽሓፍ "ኮብላሊ" ካብቲ ኣዘንታዊ ኣብ ኤርትራ ዝተወልደሉ 1940ን ቅድሚኡን ኣትሒዙ ኣሰር ጸሓፍን ታሪኽን እናገለጸት እተዘንቱ መጽሓፍ'ያ። ኣስመራ ኣብ ዝኸፋ ሓድጊ መግዛእቲ ጣልያንን ዘርከበሉ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝን፡ ፈደረሽንን ምፍራስ ፈደረሽንን፡ ምስጠራዊ ምንቅስቓስ ሃገራውያን ንኣጽኑት (ማሕበር ሸውዓተ)፡ ህቡብ ዝበረ ጸወታታት ጎልፍ ኣብ ከባቢ ቪላጅ፡ ኣተዓብብያኡ ምስ ስድራኡን ደሓር ዝናበዩዎ ኣመሓውያን ስድራን ብምጥቃስ፡ ዕድመ ንእሱ፡ ዘሕለፈላ ኣስመራ እንታይ ትመስል ከም ዝነበረት ብምዝርዛር፡ ስራሕተኛ ኮይኑ ናብ ዕደና ፖታሽ ኣብ ደንከል ዝኸደሉ ውሽጣዊ "ምኹብላል" እዩ መጠቢ ናይቲ ዝጸበየ ጉዕዞ ህይወቱ። ኣብ 1964 ክመሃር ናብ ሃንጋሪ ኢሉ ምስ ወጽአ ዝሰዓበ መሰናኽልን ድሒሩ ናብ መላእ ዓለም ዘኰብለሎ ተመክሮ ስራሕን ድማ የዘንቱ።

"ኮብላሊ"፡ ዛንታኡ ብቐሊልን ንጹጽን ኣገባብ ብምቕራብ፡ ማዕረ ማዕረ'ቲ ሞያዊ ስርሑ ኣብቲ ዝኸዶ ክፋል ዓለም ዝተላለዩ ባህልታት ህዝብታት ዘፈጠረሉ ተመክሮ'ውን የካፍል። ኤውሮጳ፡ ሰሜንን ደቡብን ኣመሪካ፡ ኣፍሪቃ፡ እስያ፡ ኣውስትራልያ፡ . . . ኣብ ኩሉ ማያት ዓለም፡ ሃገራት፡ ወደባት፡ ከተማታት ብምዝር፡ ንቕናት ምድሪ ብምስንጣቕ ሰፊሕ ተመኩሮ ጉዕዞ ህይወት የካፍል። ምስ ዓበይቲ መራሕቲ ሰውራታት ዓለም፡ ሃገራውያን ተቓለስቲ፡ ህቡባት ስነ ጥበበኛታት፡ ስፖርተኛታት፡ . . . ዝተራኸቦን ዝሓደሮ ተመክሮን ካብቲ ብዙሕ ዘዘንትወሉ ክፋል ናይቲ መጽሓፍ ምኳኑ ገምጋም ዘቕረቡ ሞያውያን ገሊጾም።

ጸሓፊ፡ ፈለማ ኤውሮጳ ምስ ኣተወ ንምንባር ዘኸደዶ ቃልሲ ምጽራግ በረድ፡ ምሻጥ መወጽ፡ ብዳኸር ኣጣል ንዘኸርሓ ስልማት ሕብሪ ለኸዩ ንኤውሮጳውያን ፈወሰ ሓሳድ ኢሉ ብምሻጥ ዝረኸቦ ኣታዊ ዝርከቦ ብዙሕ ሰብኣዊ ዛንታ ዝሓዘ ፍጻመታት እውን ይጠቅስ። . . .

ኣብቲ መጽሓፍ ናይ ምልላይ ስነ ስርዓት፡ ዝተፈላለዩ ሞያውያን ኣብታ መጽሓፍ ዘለዎም ንባብን ተመክሮን ገሊጾም።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ዝነበርን ዝሰርሕን ዘሎ ጸሓፊ መጽሓፍ "ኮብላሊ" ኣቶ ተስፋይ እስቲፋኖስ፡ 85 ዓመት ገይሩ እንከሎ ገና ኣብ ንጡፍ ናይ ምኹብላል ስራሕ ተጸሚዱ'ሎ። ኣማኻሪ ናይ ሓንቲ ዓባይ ኩባንያ ኣብ ስዑድያ ኮይኑ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ብምኻድ፡ ነታ ኩባንያ ዘድልየዋ ብቑዓት ሰባት ኣለልዩ ዝቖጽር ሞያዊ እዩ።

## ከልቢ እንዳ'ቦይ ሕድሩ

ከልቢ እንዳ'ቦይ ሕድሩ
ድምጺ ሰብ ጠርጠሩ
ክንብሕ ሓዲሩ።

ድቃስካ ትደፍኣ፡ ድቃሰይ ክትቀልጦ!
ኢሎም ኣቦይ ሕድሩ "ወይ ከልቢ ቀበጦ"
ክትክት ወዲሎሞ ክሳዕ ዝፍለጦ።

ንፋር ድሕሪ ሸዑ ድሕሪ'ታ መዓልቲ
ምድቃስ ኣምጺኢሰ ክርትም ኢሉ ለይቲ

ትግዝምት ሓዲሩ ግዛ ብዘመትቲ፡
ኣቦይ ሕድሩ ከመያ ኣመሎም
ቅጥቅጥ ኣቢሎሞ ንንፋር ንኸልቦም
ሕጂ ግን ምኽንያቱ . . .
ነቢሑ ስለ ዘይቀስቀሶም።

ከልቢ . . . ናብራ ከልቢ . . .

በየነ ሃይለማርያም

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ኣሙተ መድሃኔ ሃብቱ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ ይከኣሎ ጸጋዩ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን27/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳልሕ ጣሂር ኑሮር ምግል ተረፉ፣ ሳልሕ ጣሂር ናስር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን27/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከድጃ መሳ ማሕሙድ ትሕቲ ዕድመ ጓለይ ጀሚላ ሳልሕ ኣሕመድ ምግል ተረፉ፣ ጀሚላ ሓሰን ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጀሚላ ዑመር ጃበራ ምግል ተረፉ፣ መሊካ ዑመር ጃበራ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን27/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሰም ጓለይ ሮዛሊንዳ ኣሚናዳብ ተስፋይ ምግል ተረፉ፣ ኤልዳና ኣሚናዳብ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን29/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ነጃት ሓሰን ማሕሙድ ምግል ተረፉ፣ ነጃት መሓመድ ኣሕመድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን27/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳይሞን ያቆብ ቋረ፣ ኣዴና ፍረወይኒ መልኣከ ወልደገብርኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን19/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ንያት ተስፋእዝጊ ገብሩ፣ ሰም ት/ዕድመ ወደይ ረያን ዓብዱሰላም መሓመድ ኑር ምግል ተረፉ፣ ሳዊሮስ ዓብዱሰላም መሓመድ ኑር ተባሂሉ ይተኣረመሉ፣ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን29/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ካሕሳይ ገብረእደርያስ ምግል ተረፉ፣ ኣርሃም ገብረእደርያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን23/10/25 ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳሚኤል ኣድሓኖም ጎጆ ምግል ተረፉ፣ ሳይሞን ኣድሓኖም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን23/10/25 ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሰጠፋ ኣወብኮር ምግል ተረፉ፣ መሰጦፍ ኣበከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን23/10/25 ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣስከ ሳንኮት ሳልሕ ምግል ተረፉ፣ ናታለ ሳንኮት ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን28/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኢልሻዳየናስ ኢያብ ምግል ተረፉ፣ ኢልዳና የናስ ኢያብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን3/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ ዓረፉ ኣብራሂም ሐመድልኣል ምግል ተረፉ፣ ዓረፉ ኢብራሂም እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን23/10/25 ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳዕድያ እድሪስ ኢብራሂም ምግል ተረፉ፣ ሳዕድያ ዓብደልከሪም ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን24/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ኣቶ ኢያብ ተኽልማርያም ሞባዝጊ፡ ወለድና ተኽልማርያም ሞባዝጊ ማእለልን ሉተሰላሴ ደብረጼን እምባዬን ኣብ 2012 ስለዝዓረፉ፣ 5 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን27/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ዳውድ ሓምድ መሓመድ ምግል ተረፉ፣ ዳውድ ኣሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን30/10/25 ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ን/ዞባ ከረን ከባቢ /ከተማ 03፡ ዚፕ ኮድ 6K-1385፡ ዞን 02፡ ፕሎት 103፡ ፓርሰል pop103፡ ብመ.ቁ.ንብረት 6BRKRN001011/1 ዝፍለጥ፡ ስፍሓቱ፡ 218.53 ት/ሜ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊኡ 3 ክፍሊ መደቀሲ ክፍሊ፡ 1ሳሎን፡ 1 ክሽነ፡ 3 ዓይኒ ምድሪ ምስ መከበቢያ ዘለዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብስም ፈረጅ ኖር ሚከኤል ምስ 7+ ኣሕዋቱ፡ ዝተመዝገበ'ሞ ዝዓደግክዎ፣ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኢትየጵያ ዑቕባሚካኤል ሃብተ

---

ኣነ ኣብድ ኦርኢያ ሮኽረጼን ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ጉዳይፍ ከባቢ / ዚፕ - ኮድ ጉዳይፍ 1A713 ጉደና 713-12 ቁጽሪ ገዛ 85 ፕሎት 65 ፓርሰል G ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1፡007030 ብዕለት 18/10/2013 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንኡ፡ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥክ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተለ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡

ኣብድ ኦርኢያ ሮኽረጼን

---

ብስም ነሂር ዒሳ መሓመድ ዒሳ፡ ኣብ ከባቢ ምም/ም ኣኽርያ ዚፕ 1A168 ፕሎት 21 ፓርሰል W ጎደና 168-4 ብቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 1፡003703 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ ) ብውርሲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ግደይ ኣሕመድ ሰራጅ

---

ብስም በላይ ሃብተስላሴ እምባዬ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋ.ፒን ASL00014349 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4ተ ኣስመራ ጋሪ ቁ.ገዛ 03 ዝርከብ ናይ ሰፓር ፓርት ንግዳዊ ትካል ትካለይ፡ ንኣቶ ዳኒኤል ጸጋይ ሃይሉ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ትራቨሎ ጎደና ክሳድ ቁ.ገዛ 26 ካብ ዕለት 24/08/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሰ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

በላይ ሃብተስላሴ እምባዬ

---

ብስም በላይ ሃብተስላሴ እምባዬ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋ.ፒን ASL00021279 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ተሰኒይ ቁ.ገዛ 37 ዝርከብ ናይ ቤት መግብን መስተን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሂማን ሃብተ ገደል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዝ ዓዲ ኣቢይቶ ቁ.ገዛ– ካብ ዕለት 16/06/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሰ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

በላይ ሃብተስላሴ እምባዬ

---

ብስም በላይ ሃብተስላሴ እምባዬ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋ.ፒን ASL00028916 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ኣፍዓበት ቁ.ገዛ - - ዝርከብ ናይ ህንጻን ሕርሻን መሳርሒ መሸጢ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ፍረወይኒ ገብረሂወት መሓሪ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና – ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 21/07/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሰ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

በላይ ሃብተስላሴ እምባዬ

---

ወ/ሮ ሃይማኖት ታከለ ገብረስላሴ፡ ዝተፈቐደለን ናይ መስፊይን መሸጥን ክዳውንቲ ንግዳዊ ትካለን፡ "ፈለገሰላም መስፊይን መሸጥን ልብሲ" '(FELEGE-SELAM RETAIL OF TEXTILE & SEWING DRESS) ተባሂሉ ክጽየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተለ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

### ጨረታ

ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ፡ ዝ. ዝሰዕበ ወሃብ ኣገልግሎት ን2 ዓመት ኣወዳዲሩ ከኣ ስለዝደለዩ፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

1. እንዳ ፎቶ ኮፒ (ስቴሽነሪ)
 ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት
2. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 20,000 እንዳ ፎቶኮፒ፡ ብC.P.O የትሕዙ፡፡
3. ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን መንነትን ክሊራንስ ናይ 2024ን የቕርቡ፡፡
ብተወሳኺ እቲ ናይ ንግዲ ፍቓድ ነቲ ትካል ዝገልጽ ክኸውን ኣለዎ፡፡
4. ተጫረትቲ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ኮሌጅ ይወስዱ፡፡
5. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንተኸታተልቲ 10 መዓልታት ጨረታ ክፉት ኮይኑ፡ ብጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10፡00ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ሳንዱቕ ጨረታ ይኽፈት፡፡

ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ኣሃዱ ዕድጊ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ብምምጻእ ወይ ብቁ/ስልኪ 08204288 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል፡፡
ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኸሳሲ ኣቶ ሃብቶም በረኸተኣብ ሃማርያም፡ ከሳሲት ብዓልቲ ቤትካ ወ/ሮ ጥና የሴፍ የማ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ፡፡

ብርሃ የናስ ጺጋይ፥ ኣቦይ የናስ ጺጋይ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋበኢያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሓዳስ ዘርኣየውሃንስ ሓጅ፡ ወለደይ ዘርኣየውሃንስ ሓጅ በሪሁን ደስታ ሃብተ መላኺን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 1ሓወይ 4 ተተካእቲ ደቂ ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋበኢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳዳ

ስለማዊት መድሃኔ ተኸስተ ምባል ተረፉ፥ ሳምራዊት መድሃኔ ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ጸገወይኒ ክብሮኣብ ገብረኪዳን፥ ብዓል ቤተይ ገብረሂወት ፍረዝጊ ገብሩ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዳንኤል ኣስመላሽ በርሀ፥ ኣቦና ኣስመላሽ በርሀ ጎኒጨ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 12 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሸዊት ዘርኣይ ኣሰታ፡ ብዓል ቤተይ ሳሚኤል ክፍለ ገ/ኪዳን ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 1ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኸሳሲ ኣሮን ምስዮና ተ/ማርያም፡ ብኸሳሲት መዚት ሃይለ ገ/የውሃንስ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ኤፍሬም ኣብርሃም ጉጀሉ፥ ኣደይ ለተብርሃን ገ/እግዚኣብሄር ፍረሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሓበን ምባል ተረፉ፥ ንያት ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዘውዲ ሓይለኣብ ገብረሚካኤል፥ ብዓል ቤተይ ግዜ. ሃይለ ገብረሂወት ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓንደብርሃን ደሱላቕ፥ ኣደይ ኣበባ ሓጎስ መርእድ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ርበል ካሕሳይ ዑቕባ ምባል ተረፉ፥ ሚከኤለ ካሕሳይ ዑቕባ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ወልዳይ ተስፋይ፥ ኣዴና ወ/ሮ ለተርፋኤል ሰዅር ሓይልኣብ ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣለማሽ ኣሰገዶም ግርማይ፥ ብዓል ቤተይ ኣቶ ሃብተ ተኽለ ሃይለ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 10 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍናን ደሳለ ምሕረትኣብ ምባል ተረፉ፥ ፋኒኤል ደሳለ ምሕረትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጸገዶና ተስፋገርግሽ ገብረብርሃን ምባል ተረፉ፥ ሃና ተስፎም ገብረብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣርሴማ ያሬድ ተስፋዝጊ ምባል ተረፉ፥ ኣርሴማ ያሬድ ፍስሃጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ግዜ. መብራህቱ ወልዱ፥ ጓልና ሰገን ግዜ. መብራህቱ ስለዝተሰወአት፡ ንሕና ወለዳ ግዜ. መብራህቱ ወልዱን ከበደሽ ኣብራሃምን ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ተኽለሰንበት የማነ መሓሪ ምባል ተረፉ፥ ተኽሉ ተስፋልደት ወልደናፋኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣኽሪያ፡ ጎደና 168/1 ቁጽሪ ገዛ 35፣ ኣብ ናይ ኮሚሽን ኣባይቲ ናይ ዋንነት ወረቐት ምስክር፥ ቁጽሪ 1BRASMO123407/0 ፕሎት 35T ፒርሰል H ብስም ኑረዲን መሳ ብርሃ ዝተመዝገበ ገዛ፥ ስፋሓት መሬት 217 ፍርቂ ስለ ዝዓደግኩ'ሞ ናብ ስመይ ምትሕልላፍ ክግበረለይ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተኣሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ክብራ በረኸት ዘርኣይ

---

ኣመልካትቲ፥ ኣብ ከተማ ኣስመራ፥ ዞባ 5 ምም.01 ጎደና እውቀት ቁጽሪ ገዛ 56/58 ዝርከብ፥ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 100907፥ብመለለዪ ቁጽሪ 108090 ብስም 3 ኣሕዋት ማሎት ፍራንቸስኮ፥ ጁልያ፥ ኢሌና፥ ንዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ናይ ሓባር ንብረትና ብውርሲ ናብ ስም ክልቴና ፓውሎን ኢሌናን ክሰጋገር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

1.ፓውሎ ፍራንቸስኮ ማልቺዚ
2.ኢሌና ሳንፎ ቪንቾንሶ

---

ኣቶ ሓበን ሓጎስ ገብረመስቀል፥ ዝተፈቕደሎም ናይ መሸጢ ጀላቶ ንግዳዊ ትካሎም፡ "ኣሞረ ሚዮ መሸጢ ጀላቶ" (AMORE MIO RETAIL ICECREAM) ተባሂሉ ክጽየመሎም ስለዝሓተቱ፥ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ክፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን 01፥ ዚፕ ኮድ 6K-1374፥ ፕሎት/ብሎክ 54፥ ብመ.ቁ.ንብረት 6BRKRN000822 ዝተመዝገበ ስፍሓቱ 248.77 ት/ሜ ዝኾነ፥ ኣብ ልዕሊኡ 3 ክፍሊ መደቀሲ /ሳሎን፥ 2 ክፍሊ /መኽዘኖ፥ 1 ክፍሊ/ክሽነ፥ 1 ክፍሊ ዓይኒ ምድሪ/ጥፎ ምስ መካዕበያ ዘለዎ፥ተወሳኺ'ውን 2 ክፍሊ ገዛ ንትካል ዘገልግል ዘለዎ፥ ብስም መሓመድ ኢብራሂም ነበራይ ዝተመዝገበ፥ ምስ 13 ደቀይ ብውርሲ ዝበጽሓና፥ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፥ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ሳዕዲያ ኣሕመድ የኑስ +13

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ በሪኽ፥ ጎደ – ቂ.ገዛ – ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00043012 ASL00043011 ናይ ደኳንን መሸጣ ስጋን ትካለይ፥ ንወ/ሮ ምናል ተኽለኣብ ማና፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋላ ነፋሒ ጎደና – ቁሸት ቂ.ገዛ – ብዕለት 11-03-2025 ቁ.መዝ 772025 ብውህብቶ ስለዝሃብኩዋ፥ ብስም ወሃቢት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ተቐባሊ ወህብቶ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ፡፡

ተስፋይ ኣለማዮ

---

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ ን2026 (ስጋን እንቋቑሖን)
ዓዳጊ ኣሃዱ፥ ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል
ኣርእስቲ፥ ውዕል ናይ ዓሰርተ (10 ) ኣዋርሕ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፥ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ንዓመት 2026 ዓ.ም ካብ ጥሪ 01/2026 ክሳብ ታሕሳስ 31/12/2026 ዓ.ም ንኣብ ትሕቲኡ ትመሓደር ኣሕዳራት ቤ/ትም/ዓይነ-ስውራን ኣብርሃ ባህታ ኣገልግሎት ዝውዕል ቀረብ መግቢ (ስጋን እንቋቑሖን ) ከማሕርት ስለ ዝደለየ፣ ክቐርቡ ንዝኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ይዕድም፡፡

ከማልኦ ዘለዎም ረቛሒታት፡

1.ተጫረትቲ ዝኸፍልዎ ዋጋ ብዕሹግ ሰታሪት የቕርቡ፡፡
2.ተጫረትቲ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድን ናይ 2024 ክሊራንስን ናይ ታሰራ ፎቶኮፒን የቕርቡ፡፡
3.ተጫረትቲ ዘይምለስ 50.00 (ሓምሳ) ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ መብርሂ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
4.መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 20,000.00 (ዕስራ ሽሕ) ናቕፋ ብ C.P.O. የትሕዙ፡፡
5.ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ቁ.8 ብምምጻእ ወይ ድማ ብቁ.ተሌ.180386 ኣብ ስራሕ ሰዓታት ብምድዋል ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
6.ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 15 (ዓሰርተ ሓሙሽተ) መዓልታት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋውያን ወኪላቶም ብኣካል ኣብ ዝተረኸቡሉ ሰዓት 3:00 ድ.ቀትሪ ይኽፈት፡፡ (ደንገዮም ናይ ዘርከቡ ግን ኣይክፈትን፡፡)
7.ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ፡፡
8.ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ጨ/ሚኒ/ትም/ዞባ ማእከል ቁ.ተሌፎን 180386

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ጥምርቲ ስድራ ቤት መሰረት ስልጡን ሕብረተሰብ

ስድራ ቤት ሓንቲ ካብ ጥንታውያን ትካላት ሕብረተሰብ'ያ። ካብ ዘመነ ቅድመ ታሪኽ ጀሚራ፡ ስድራ ቤት ከም ቀንድን ኣገዳሲትን ውዳበ ሕብረተሰባት ኮይና ክትቅጽል ጸኒሓን ኣላን። መብዛሕትኦም ሰባት ካብ ስድራ ቤት ቦቒሎም ኣብ ሕቝፎ ስድራ ቤት ዓብዮም፡ ተመርዕዮም፡ ሓዳር ወጺኦም፡ ስድራ ቤት መስራቶም ይቕጽሉ። ኣብ መብዛሕትኡ ባህልታት ወለዶታት ብኸምዚ ኣገባብ እናተተኻኽኡ ቀጻልነት ሕብረተሰባት ይረጋገጽ።



ስድራቤት ብመርዓ ይኹን ብኻልእ ኣገባብ ዝተጠምሩ፡ ኣቦ፡ ኣደን ደቀምን ትውክል። ብጡብነት ይኹን ብኻልእ ኣገባብ ዝርዓሙ፡ ናይ ሓባር ገዛን ዝምድናን ዘውንኑ ብጉጅለ ዝቕመጡ ሰባት'ውን፡ ስድራቤት ክቑሙ ወይ ክውክሉ ይኽእሉ። ስድራቤት ብብዝሒ ኣባላታን ቅርጻን ክትፈላለ ትኽእል። እታ ዝነኣሰት ስድራቤት ብኣቦን ኣደን ዝቖመት ክትከውን ከላ፡ እታ ዝዓበየት ወይ ዝሰፍሐት ድማ፡ ኣቦ፡ ኣደ፡ ደቀምን ደቂ ደቀምን ብወለዶ ዝዛመዱ ኣባላትን ዝሓዘት፡ ዝበዝሑ ኣባላት ዘለዋ ዓይነት ስድራ ቤት'ያ።

ስድራ ቤት ብዙሓት ዕማማት እትዓሞም እኳ እንተኾነት፡ እዞም ዕማማት እዚኣቶም ካብ ባህሊ ናብ ባህሊ ክፈላለዩ ይኽእሉ። ኣብ መብዛሕትኡ ሕብረተሰባት ግና ስድራ ቤት ቀልዑ ወሊዳ እተዕቢ ኣሃዱ ሕብረተሰብ'ያ። ቀልዓ ወሊድካ ምዕባይ ኣቃሊልካ ዘይረአ፡ ዘየቋርጽ ህንጸት ሕብረተሰብ ስለ ዝኾነ፡ ካብ ቀንዲ ተልእኾታት ስድራ ቤት'ዩ። ቀልዓ ወሊድካ ምዕባይ፡ ክንክን፡ ሓልዮት፡ ፍቕሪ፡ ውሕስነት፡ ምስራጽ መሰረታዊ ስነምግባርን ባህልን ሕብረተሰብ.... ወዘተ የጠቓልል። እዚ ቀጻሊ ምክትታልን ምንባይን ዝሓትት ብዝኾነት ትካል መንግስታዊ ይኹን ብሕታዊ ዘይትካእ ዕዮ'ዩ።

ገዛ መብዛሕትኡ ስድራቤታዊ ንጥፈታት ዝካየደላ ማእከል ስሕበት ኣባላት ስድራ'ያ። ገዛ ኣባላት ስድራቤት ማሕበራዊ ክብርታትን ክእለታትን ዝመሃሩላ፡ ሓድሕዳዊ ፍቕሪ፡ ሓልዮት ምክብባርን ምትሕግጋዝን ዝህነጸላ ኣገዳሲት ቦታ'ያ። ብፍቕሪ ሓልዮትን ምክብባርን እትልለ ገዛ፡ ምንጪ ስምዒታዊ፡ ስነኣእሙሮኣዊ፡ ኣካላዊን ማሕበራዊን ውሕስነት ትኸውን። ገዛ፡ ኣባላት ስድራቤት ምክፍፋል ዕዮ ዘካይዱላ፡ ፍልልይ ምስ ዝረአ ፍልልያቶም ዘጽብቡላ፡ ነንሕድሕዶም ዝበሃሃሉላን ዝመሃሃሩላን፡ ንጽቡቕን ዝበለጸን ሓሊና እትኽይድ፡ ሕማቕ ነገር ምስ ዘጋጥም ድማ፡ ክፉኣ ሰቲራ ጉዕዞኣ እትቕጽል፡ ተግባራታ ዝዓበየ ንእሽቶ መጋባእያ'ያ ክትበሃል ትኽእል። ኣብ'ታ ንኣባላት ስድራ ጠሚራ እትሓቁፍ ገዛ፡ ኣቦን ኣደን ንውሉዶም ባህሊን ልምድን እቲ ሕብረተሰብ ብዝጠልቦ መሰረት ከዕብይዎም ክናብዩዎምን ሓላፍነት ኣለዎም። ኣብ ዝብጻሕ ዝበጽሑ ደቆም ድማ፡ ናቶም ሓላፍነት ወሲዶም ዘዕበይዎም ኣቦን ኣደን ብሓላፍነት ክጥውርዎምን ክኣልይዎምን ሓልፍነት ይቕበሉ። ውሕስነት ድሕነትን ናብዮትን ኣብ ሓንቲ ስድራቤት እምበኣር ተማላላእን ተደጋጋፍን'ዩ። ስድራ ቤት መሰረታዊ ክእለታት እትቐስመላ ቤት ትምህርቲ'ውን'ያ። ዲሲፕሊን ኣብ'ታ ገዛ ይጅምር። ካብ ወላዲ ናብ ዉሉድ ክመሓላለፍ ዝድለ ሞያ፡ ኣብ'ታ ገዛ ይወራረስ። ብሕድነት ምንባር ኣብ'ታ ገዛ ይስርት ... ወዘተ. ኩሎም እዞም ባህርያት እዚኣቶም ኣብ ስልጣነ፡ ምርግጋእን ቀጻልነትን ሕ/ሰብ ልዑል እጃም ዘለዎ ኣብ ስድራቤት ዝርከቡ ሓለፋታት እዮም።

ካብ ዝሓለፉ ዘመናት፡ ብፍላይ'ኳ ድሕሪ ምስፍሕፋሕ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ፡ ቅርጽን ሓላፍነትን ስድራቤት፡ እናተቐያየረ ክመጽእ ጸኒሑ። ስለዝኾነ ድማ፡ ስድራቤት ልምዳዊትን ዘመናዊትን ተባሂላ ክትምቀል ጀሚራ። እታ ልምዳዊት ስድራቤት እዞም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሱ ዕማማትን ባህርያትን እትውንን ክትከውን እንከላ፡ እታ ዘመናዊ እትባሃል ስድራ ቤት ድማ፡ ምስ በብመድረኹ ዝኽሰቱ ቁጠባዊ፡ ባህላውን ማሕበራውን ለውጥታት፡ ዕማማታን ሓላፍነታን እናተለዋወጠ እትመጽእ ዘላ ዓይነት ስድራቤት'ያ።

ማዕርነት ዝሕመረቱ ኣተሓሳስባታት ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን፡ምስፍሕፋሕ ዕድል ትምህርቲን ሞያታትን ንክልቲኡ ጾታ፡ ተኽእሎታት ናጻ ምንቅስቓስን ሓርነት ምርጫታትን፡ ንጽልዋ ምዕራባዊ ባህሊ ዝረዓመ ኣብ ውልቃውነትን ኣህላኽነትን እተሞርኮሰ ቁጠባዊ መነባብሮ፡ ካብ ባህሊን ክብርታትን ልምዳዊት ስድራቤት እናወጻ ዝኸይድ ዘሎ ናጽነት ጾታዊ ርክብ ኣብ መንእሰያት ገለ ካብቶም ንኽብርታት ልምዳዊት ስድራ ቤት ዝትክኡ ዘለዉ ቀንዲ መለለዪ ዘመናዊት ስድራ ቤት ዝኾኑ ዘለዉ ረቛሒታት'ዮም። እዚ ብፍላይ ኣብ'ቲ ስልጡን ዝበሃል ምዕራባዊ ዓለም ዝቐውም ዘሎ ስድራቤት እምበኣር፡ ጠንቅን ውጽኢትን ናይ'ዞም እተጠቕሱ ረቛሒታት'ዮም።

ብድፍኢትዓውለማእናስፋሕፈሐት እትኸይድ ዘላ ዘመናዊት ስድራ ቤት ቀንዲ ተልኣኾኣ፡ ብሓድሕዳዊ ሓልዮትን ፍቕርን እተጠምረት ገዛ ምህናጽ ምኳኑ ተሪፉ፡ ቀልዑ ጥራይ ዘውለዱላ ንእሽቶ ፋብሪካ እናኾነት ትኸይድ ኣላ። ቀዳምነቶም ኣብ ትምህርቲን ስራሕን ዝኾነ፡ ኩነታት ደቆም ብግቡእ ዘይከታተሉ ኣቦን ኣደን፡ ብዝሖም ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ይመጽእ ኣሎ። መሰረታዊ ተልእኮ ስድራቤት ከም ኣላይትን ኮስኳሲትን ቀልዑ፡ ብመዋእለ ህጻናት ክትካእ ምርኣይ ልሙድ ተርእዮ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ'ዩ። ብግዜን ቦታን ዝድረት ዘሎ ርክብን ምብህሃልን ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራ ቤት ኣብ መንጎ ኣባላታ ምርሕሓቕ ክፈጥርን ንሓድነት እታ ስድራ ቤት ክበታትን ይረአ ኣሎ። ምርግጋጽ ቁጠባዊ ውሕስነት ቀዳምነት ብምሃብ ነገራዊን ገንዘባውን ሃብቲ ንምኽዕባት ሃነፍነፍ ዝብሉ፡ ስምዒታዊ፡ መንፈሳውን ስነ ኣእሙሮኣውን ዕቤት ደቆም ምክትታል ዕሸሽ ዝብልዎ ስድራ ቤታት ቁጽሮም ውሑድ ኣይኮነን። ተኽእሎታት ናጻ ምንቅስቓሳትን ሓርነት ጾታዊ ርክብን ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ዘይምትእምማን ብምፍጣር ንምርግጋእ ስድራ ቤት ይፈታተን ኣሎ። እዚ ዘኸትሎ ሳዕቤን ዝሙትን ፍትሕን እናስፋሕፈሐ፡ ርዝነት ቃልኪዳን እናፈኾሰ ይኸይድ ምህላዉ ካብ ቀንዲ ምልክታት ዘመናዊት ስድራ ቤት ኮይኖም ኣለዉ።

ቀንዲ ግዳያት ሓድነትን ጥምረት ዝጎደላ ወጥሪን ምትፍናንን ዝዓሰላ ስድራ፡ እቶም ፍቕሪ፡ ሓልዮትን ውሕስነትን ከም ባህርያዊ መሰሎም ሃንቀው ዝብልዎ ህጻናት'ዮም። ባህርያዊ፡ ስነ ኣእሞሮኣዊ፡ ባህላውን መንፈሳዊን ርውየት፡ ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ጥራይ ዝርከቡ፡ ብኻልእ ትካል መናበዪ ህጻናት ክትክኡ ዘይክእሉ መሰል ቀልዑ ወይ ህጻናት'ዮም። እዞም እተጠቕሱ መሰረታውያን ድልየታት ዝጎደሎም ቀልዑ፡ ስልጡን ሕ/ሰብ ንምህናጽ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፡ ሃጓፍ ክፈጥሩ ዘሎ ተኽእሎ ልዑል'ዩ። እኹል ክንክንን ናብዮትን ስድራቤት ዝጎደሎም ቀልዑ፡ ፍርሒ፡ ሕርቃን፡ ብስጭት፡ ተስፋ ምቝራጽ፡ ተነጽሎ፡ ግዙኣት ሓደገኛ ልምድታት ዝኾኑ መንእሰያት ዝህነጹላ ገዛ ትኸውን። ድኽነትን ዘይርጉእ ኣከባብን ከም ቀንዲ ጠንቂ ትሑት ክንክን ኣብ ቀልዑ'ኳ ክግለጽ ዝኽእል እንተኾነ፡ ኣብ ርኹባት ስድራቤትን ሰላም ዝሰፈኖ ሃዋህውን እንተኾነ፡ ቁጠባውን ውልቃውን ድልየታት ቀዳምነት ዝህብ ኣረኣእያ ሓላፍቲ ስድራ፡ ንቖልዑ ናብ ካልኣዊ ደረጃ ኣውሪዱ ዘወግን ኣተሓሕዛ ኮይኑ ዝቕጽን ዘሎ'ዩ።

ስለዚ ሓድነታ ዝሓለወት ስድራ፡ ብትምህርቲን ሞያን እተሃንጹ፡ ሓያል ዲሲፕሊን ዘውንኑ፡ ኣብ ሓድሕድ ምክብባር፡ ምትእምማንን ማዕርነትን ከምኡ'ውን ቅድሚ ውልቃዊ ረብሓታት፡ ረብሓ እኩብ ጉጅለ ዘቐድሙ መንእሰያት ኣብ ምህናጽ ዘለዋ ኣበርክቶ ኣዝዩ ሎዑል'ዩ። እዚ ዘለናዮ መዋእል፡ ብገዛ ንባህሊን ክብርታትን ሕ/ሰባት ዝጻረር፡ ንቖልዑን መንእሰያትን ናብ ዘይተደልየ ኣንፈት ዘማእዝን ኣማራጺታት መራኸቢ ብዙሃን፡ ማለት ሳተላይት ዲሽን ፊልምታትን ኢንተርነትን፡ ብደገ ድማ ዘየናሕሲ ጽልዋ መዛኑ፡ ዘተኣማምን ዕብየት መንእሰያት ኣብ ምርግጋጽ ኣዋጣርን ተሃዋሲን መዋእል እዩ ክበሃል ይከኣል። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ሚዛናዊ ምቁጽጻርን ምክትታልን ሓለፍቲ ስድራ ማለት ኣቦን ኣደን ንደቆም፡ ካብ ኣዛዝን ተኣዛዝን ናጻ ዝኾነ ምቅርራብን ዕርክነታዊ ምብህሃል ኣብ መንጎ ሓለፍቲ ስድራን ደቆምን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጻዕሪን ኣፍራይነትን እተሞርኮሰ ስርዓተ መጎስን ሞሳን ምትእትታው ብደረጃ ስድራ ቤት ክልመዱ ዘለዎም ረቛሒታት እዮም። ብዘይካ'ዚ ኣብ ሓቅን ጭብጥን እተሞርኮሰ እወንታዊ ባህርያት ንምስራጽ ዝሕግዝ፡ ጌጋታት ንምእራም ዝዕላምኡ መቐጻዕቲ ዘይኮነ ተግሳጽን መግናሕትን እውን፡ ኣካል ግቡእ ምኹስኳስ ኮይኑ ክስትውዓለሉ ዘለዎ'ዩ።

ብኣጠቓላሊ፡ ጥዕይቲ ስድራ ቤት ኣብ ድልዱል መሰረት ሓዳር'ያ ክትህነጽ እትኽእል። ሓዳር ሕብረት ክልተ ኣንጻር ጾታ ከም ምኳኑ መጠን፡ ኣብ ማዕርነት፡ ሓድነትን ምትእምማንን፡ ኣካላዊን ስምዒታውን ዕብየት ተጻመድቲ እተሰረተ ምስ ዝኸውን ብኹሉ መምዘኒታት፡ ጥዕይቲ ስድራ ቤት ክትህነጽ ትኽእል። ስድራቤት ቀጻልነታ ንምውሓስ ኣብ እትገብሮ ጻዕሪ፡ ደገፍን ምትብባዕን መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት ኣገዳሲ ምኳኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ። ምኽንያቱ ስልጡን ሕብረተሰብ፡ ብዘይ ጥምርቲ ስድራ ቤት ክቐውም ስለ ዘይክእል።

*መንእሰይ ቑ.84*

---

ልቦና

## ኣነቓቓሒ ጥቕሲታት

**ጀሚል ስዒድ**

"ሓጐስ ምምቓል እምበር፡ ቃንዛ ምምቓል ኣየፋቕረካን እዩ።"

- Friedrich Nietzsche

"እቲ ቐንዲ ዓርከይ፡ እቲ ኣነ ዘይርእዮ ጽቡቐይ ቀሊዑ ዘውጽእ እዩ።"

- Henry Ford

"ብንእሽተይ ሓገዝ ኣዕሩኽተይ'የ ሰብ ዝኸውን።"

- John Lennon

"መወዳእታኡስ ንዘረባ ጸላእትና ዘይኰነ፡ ንስቕታ ወገንና ኢና እንዝክር። "

- Martin Luther King

"ዓርኪኻ፡ ኣብ ግንባርካ'ዩ ዝጐጥየካ።"

- Oscar Wilde

# መዘናግዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝርአ ኣከዳድና



ክልተ መንእሰያት ኣዋልድ እየን፡ ፍርቂ ኣካላተን ጥራይ ዝሸፍን ክዳን ለቢሰን ኣብ ቦታ ኣኼባ ይበጽሓልኩም። ኑቲ ኣኼባ ዘካይድ ዝበረ ሰብ ብፍሽኽታ ተቐቢሉ ኮፍ ኣንኪቡ ብትሕትና ፈቐዶሉ። ብምቕጻል ኣብ ህይወተን ምልእ ፈጺመን ክርስዐኦ ዘይክእላ ረዚን መልእኽቲ ዘለዎ ቃላት ለገሰለን።

ኣተኩሩ ዓይኒዓይነን እናጠመተ "ፈጣሪ ዝፈጠርዎ እቶም ኣገደስቲን ክቡራትን ከራት፡ ብዋበእ ዝተሸፈኑን ንክትረኽብዎም ክትርእየዎም ከኣ ብዙሕ ጻዕሪ ዝሓተን እዮም" በሎ። "ኣልማዝ ኣበይ ደርከብ? ኣብ ትሕቲ መሬት ኣብ ክንደይ ዕምቈት ተዓቢጡን ተኸዊሉን ንረኽቦ?" "ወርቂ ኸ ኣበይ ንረኽቦ? "ኣብ ትሕቲ ማዕድናትን ብዓበይቲ ደናጉላን ዝተጸቕጡ ኮይኖም፡ ነዐም ንምርካብ ሓያል ጻዕሪ እዩ ዝሓትት" ድሕሪ ምባል፡ ገጹን ኣተኩሩ ብምጥማት ዘረብኡ ቀጸለ።

"ሰውነትክን ማራኽን ፍሉይን እዩ። ካብ ወርቅን ኣልማዝን ንላዕሊ ዝበለጸን ዝኸበረን እዩ። ስለዚ ኣካልክን ብዘዋጾእ ክትሸፍንኦ ኣለክን" በለን። ቀጺሉ ድማ፡ ዚ ክቡር ሃብትኽን ልክዕ ከም ወርቅን ኣልማዝን ብዘዋጾእ እንተድኣ ሸፊንክንኦ፡ ብቐሊል ክርከብ ከም ዘይክእል እንተደኣ ጊርክንኦ ልክዕ ከምቲ ብዋዕድናት ሃብታም ዝኾነ ቦታ ብእመናትን ኣገደስትን ናይ ዕደና መሳርሒ ዘለዎም ናይ ዕደና ትካላት፡ ተደላዩ ዝኾኑውን ኢኹን በለን። ኣካላተን ልክዕ ከም ናይ ዕደና ቦታ ብምሕሳብ ከኣ ምኽሩ መጠወለን።

"ንዓኽን ንምርካብ ዝመናት ናይ ዕደና ሰራሓተም ንምክያድ ናጻኽን ክወሕዙ እዮም።

ብመጀመርያ ምስ ናይ ሃገርክን መንግስቲ ወይ ቤተሰብክን ክራኸቡ እዮም። ሕጋዊ ፈርማ ወይ ሕጋዊ መርዓ ክፈራረሙ እዮም። እንተዘይኮይኑ ግን! ዚ ክቡርን ማራኽን ሃብትኽን ብዘዋጾእ እንተዘይ ሸፈንክንኦን እንተዘይሓሊኽንኦን፡ ኩሉ ግዜ ኮንትሮባንድ ዓደንቲ ናጻኽን ክመጽኡኹ ክቡር ማዕድናትክን ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ክምዝምዙን ክትዕድማ ኢኽን። ደሓር ከይጸዓሩ ከይደኸሙ ብቐሊሉ ሃብትኽን ክወስዱ እዮም ማለት እዩ።

ስለዚ ኣሕዋተየ በጃኽን በጃኽን ኣካላትክን ብዘዋጾእ ሸፍና። ብሉጽ ኣኩዳድና እንተደኣ ኣዘውቲርክን ሕጋውያን ዓደንቲ ናጻኽን ክዋፈሩ እዮም" ብምባል ዘረብኡ ዓጸወ።

## እተን ክልተ ማናቱ




ኣብዚ ዓለም ዘይተኣገረ እምበር፡ ዘይተጉበረ የለን ከም ዝበሃል እንደዩ፡ ኣብ 1985 ኣብ ኣውስትራልያ ዝተወልዳ ኣናን ሉሲን ዝተባህላ ማናቱ ኣሕዋት፡ መልክዐን ክትፈላልየን ኣጸጋሚ ምዃኑ እዩ ዝንገረለን። በዚ ድማ 'እተን ሓደ ዓይነይ ማናቱ (identical twins) ኣሕዋት' እናተባህላ እየን ዝጽወዓ።

ጣዕሙ ደሞዝንን ስራሓንን ኮታ ኩሉ ነገራተን ሓደ እዩ። እታ ሓንቲ ተቘጺራ እትሰርሕ ክትከውን እንተላ፡ እታ ሓንቲ ግና ኣብ ሓቢታ ከይትፍለ ብወለንታ (ብናጻ) እያ እትሰርሕ። ንኣርባዕ ዓመት ዋላ ሓንቲ መዓልቲ ተፈላልየን ኣይፈልጣን እየን። ሽቓቕ ክኣትዋ እንተለዋ ከይተረፈ እየን ብሓንሳብ ዝኣትዋ። ክዘረባ እንተለዋ ወይ ብሓንሳብ ይዛረባ ወይ እታ ሓንቲ ዝኸፈተቶ ቃል እንተ ኢሉ እታ ሓንቲ ትምልኦ። ሓደ ዓይነትን ዓቐንን ዘለዎ ምግቢ ይምገባ።

ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ምስ ክልተአን ዝዛረ በን ዝተባህለ ዓርክን ክልተአን ተሓጺየንኦ። በን ኑታ ሓንቲ እንተሰዓምዋ፡ ግድን ኑታ ሓንቲ ከኣ ክስዕማዮ ዝቐሰቡ። ካብዚ ሕልፍ ዝበለ ከኣ፡ "በን ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ንኽልቴና ከጥንሰና ኢና ንደሊ" ብምባል እየን ዝገልጻ።

## መርትዖ

መርትዖ ኣብ ዝተፈላለየ ኢጋጣሚ ኣገዳስነቱ ልዑል እዩ። እቲ ምንታይሲ ንሓቂ ዘድግፉ ዝሓሸ ውሳነ ንምሃብ ዘመቻቹ ንምንታትን ኣበሃሃላታትን ምስ ሓቅታትን ክዉንነትን ብምትእስሳር ዘረጋግጽ ስለ ዝኾነ። መርትዖ ዝሓሸ መረዳእታ ክህልወና፡ እምነታት፡ ተግባራትን ወጽኢትን ካብ ወኻውኻት፡ ግምታትን ግጉይ ሓበሬታን ሓራ ዝኾነ ኣብ ጭብጥ ርድኢት ዝተሰረተ ምዃኑ የረጋግጽ። ኣብ ሕጋዊ መዳይ መርትዖታት ሓቅታት ንምምስራትን ፍትሒ ንምርግጋጽን ከገልግል እንከሎ፡ ኣብ ኣካዳሚያውን ሞያውን ዓውድታት ድማ ንመጽናዕቲ ዝድግፍ፡ ንፖሊሲ ዝሕብርን ዘርኢን እዩ። መርትዖ፡ ብምጥቃም ከኣ ዝበለጸ ውሳነ ንኽትወስድ የኽእል። ሓደ ናይ ሕጊ ምሁር ኣብ ሓንቲ ባጥ ተሳፊሩ እናተጓዕዘ እንከሎ ብሓንቲ ኣብቲ ጉዕዞ ምስኡ ተሳፊራ ዝበረት ምልክዕቲ ጓል ተማሲጡ። እናሰረቐ ከኣ ክጥምታ ጀመረ። ናይ ኢጋጣሚ ኮይኑ ሃንደበት ክልቲኦም ዓይኒ ንዓይኒ ተጠማሚቶም። ጓል ፍሽኽ በለቶ። ወዲ ዝበሮ ተምሳጥ ወሰኸ። ጸኒሑ ኢላ ድማ ኣብ ጎድኑ ኮፍ በለቶ። ሕጂውን ተሓጎሰ። እታ ጓል ኣብ እዝኑ ቀረብ ኢላ ሕሹኽ በለቶ፡ "ብኽብረትካ ኣብ ጁባኻ ዘሎ ገንዘብን ሞባይልን ዶ ክትህበኒ፣ ኣይትሃብ ክዕምጽኒ ደልዩ ኢሉ ኢዩ ክብል እየ" በለቶ። እቲ ወዲ ቀንሩብ ድሕሪ ምሕሳቡ፡ በርን ወረቐትን ኣውጺኡ "ይቕረታ ዝላፍተይ ናይ ምስማዕን ናይ ምዝራብን ጸገም ስለ ዘለኒ፡ እቲ ትብልዮ ዘለኺ ኣብዚአ ጸሓፍለይ" ብምባል ብመልክዕ ጽሑፍ ክትጽሕፈሉ ሕቶ ኣቕረበላ። ጓል ብቓላታ ዝበለቶ ኩሉ ብጽሑፍ ሃበቶ። ወዲ ትቕብል ኣቢሉ ኣብ ጀብኡ ድሕሪ ምእታው፡ ደምጹ ክብ ኣቢሉ፡ "ሕጂ ከም ደላዪኪ ኢዩ ክትብሊ ትኽእሊ ኢኺ" ብምባል እኹል መርትዖ ሓዘ።



## ጥቕስታት ተስፋ

- "ተስፋ እታ እንኮ ብዘይ ዕምባብ መዓር እትሰርሕ ንህቢ ኢያ።"- ሮበርት ኢንገርሶል
- "ተስፋ ሕልሚ ናይቶም ዘይደቀሱ'ዩ።" - ማዝተው ፕራየር
- "ኩሉ ግዜ ብዓቢ ተስፋታት እየ ዝዘናጋዕ።" - ሮበርት ፍሮስት
- "ተስፋ ምህላው ናብ ዓወት ዝመርሕ እምነት እዩ። ብዘይ ተስፋን ምትእምማንን ዝግበር ነገር የለን።" - ሄለን ኬለር
- "ጥበብ ደቂ ሰብ ብዓቕልን ተስፋን እዩ ዝግለጽ።" - ኣሌክሳንደር ዱማስ
- "ብሰንኪ ዘጋጠሞም ውድቀት ተስፋ ዝቖረጹ ሰባት፡ ማዕረ ክንደይ ናብ ዓወት ቀሪቦም ምንባሮም ስለ ዘይተገንዘቡ እዮም።" - ቶማስ ኤዲሰን
- "ተስፋ እንተዘየሎ ልቢ'ዩ ዝስበር።" - ቶማስ ፋለር
- "ዕላማ ህይወት፡ ተስፋ ምግባርን ምጽዓርን እዩ።" - ኢንድራ ጋንዲ
- "ተስፋ እንተዘይሃልዩና፡ ብትምኒት ኢና እንነብር።" - ዳንተ ኣሊጊየሪ
- "ጉዕዞ ህይወት ልክዕ ከም ፒያኖ'ያ ትምስል። እቶም ኣብታ ፒያኖ ዝርከቡ ጻዕዱ መፋትሕ ንዝሀልወና ሓጎስን ተስፋን ይውክሉ፡ እቶም ጸለምቲ ከኣ ንሓዘንናን ስቅያትናን ይውክሉ።" - ዘይተፈልጠ

## ዋዛታት

- ሓደ ተዋዛያይ እዩ። እቲ ዋርሳይ ምስ ብጾቱ ጸቡቕ ፍቕሪ ነይሩዎ። ዝኾነ ሓደሽ ዝመጽእ ኣገልግሎት ምስኡ እዩ መጀመርታ ዝላለ። ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ብጸይቲ ናብኡ ብምቕራብ፡ "ከመይካ! ደሓንዶ ብጻይ" በለቶ። ንሱ'ውን፡ "ከመይ ኣሎኺ" መለሰላ። እታ ጓል ቀጺላ "ደሓን ኢና፡ ሚዛን እበዝሕ" በለቶ። እቲ ተዋዛያይ ዋርሳይ ከኣ ትቕብል ኣቢሉ፡ "ኣነ ኸኣ ከሎ ግራም እበዝሕ" እዩ ዝበላ።
- ተመሃራይ ቤ/ትምህርቲ ሰውራ'ዩ። ኣብ ክፍሊ፡ "ናይ መምሃሪ ጥራውዝቲ ይውሕደና ኣሎ" ዝብል ሕቶ ኣቕረበ። ካልእ ተመሃራይ ኢዱ ብምልዓል፡ "እዚ ትሕዝቶ ውድብና ዘይምፍላጥ፡ ሓልየት ዘይምህላው...እዩ። ብጾትና ኣብ ደፋዕ ብናይ 3ይ ዓለም ጸብ ወረቐት'የም ዝመጽኡ ዘለው። ስለዚ ንሕና'ውን ናይ ጸብ ወረቐት ክወዝብና ኣለዎ" በለ። ሳልሳይ ተመሃራይ ሓፍ ኢሉ፡ "መምህር፡ እዚ ርእይቶ ዝሃበ ብዘዘዋሪ መንገዱ፡ ጸብ (ሓርጭ ሳልሳይ ዓለም) ምህላዉን ዘይምህላዉን ንኽፈልጥ ዝተዛረቦ እዩ" ምስ በለ ክፍሊ ሰሓቕ ኮነት። ሽዓ ቕነ ጸብ 3ይ ዓለም ካብ'ቲ ኣሕዳሪ ቤ/ትምህርቲ ጠፊኢ'ያ ነይራ።
- ኣብ ሜዳ እዩ። ክፍሊ ታዕሊም። ካብ ሓረስቶት ስድራቤት ዝመጸአ ሓደ ተዓላማይ፡ ንኹሉ'ቲ ወተሃደራዊ ታዕሊም ብሓያል መንፈስን ዝኣድ ኒሕን'ዩ ዛዚሙዎ። ኣብ'ቲ ናይ መመረቕታኡም በዓል፡ ጸቡቕ ኢጋጣሚ ኹይኑ ትሕዝቶ ውድብ ኣፍቂዱኡን ስጋ ይሕረደሎም። ወድያት "መን'ዩ ሓሪዱዎ? ኣይባልዕን!' ብምባል እናዓጨዓጨ ዕጭ ሓንፈፈ። ብዘረባኡ ዝተሰደመሙ ደቂ ማስርዑ፡ "ኣንታ ትም ኢልካ ብላዕ! ብዓወት ንሓፋሽ'ዩ ተሓሪዱ" ኢሎም'የም ዝመለሱሉ።
- ካብ ወጻኢ ዝመጽኡ ጋዜጠኛታት ኣብ ባርካ ከላ እናገበሩ፡ ኣብ ስፍራ ተጋደልቲ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን'ዩ። ድሕሪ ገለ ዕላላት፡ እቶም ተጋደልቲ ንሓደ ካብ'ቶም ጸዓዱ ምስኦም መኣዲ ክቕረብ ጋበዝዎ። ወዮ ኣቦልዓ ባህላዊ መግቢ ኤርትራውያን ዘይፈልጥ ጻዕዳ፡ በቲ ዝቐረበ ጣይታ ገይሩ ጽብሕ የብል'ሞ፡ ኑቲ ጸብሒ ጥራይ ብኣፉ ኣልሚጹ፡ ኑቲ ጣይታ ክድርብዮ ጀመረ። እቶም ተጋደልቲ ገለ ይስሕቁ ገለ ከኣ 'ዝበን ሕጊ' ክብሉ ይደናደኑ። እታ እንግሊዝ'ሞ በየን ትምጽእ! ደሓን ይእቶ ሓደ ቀለም ቀማስ ኣይተሳእነን። እቲ ጣይታ ከም ማንካ ዘይኮነ እኽሊ ምዃኑን ምስ ጸብሒ ብሓደ ከም ዝበላዕን ገለጸሉ። ባህልን ልምድን ሕብረተሰብ ዘይምፍላጥ ከምዚ'ዩ።

ምንጪ፡ መጽሓፍ ምኡዝ ዋዛታት ዋርሳይ ይከኣሎ

ብዐቢንያም ሃይለ (ኮ'ዶ)

# መበል 16 ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ






















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ-ክብሮም ጸሃየ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ

## ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ተዛዚሙ

በኒፈር፡ ጐብለል ኮይና

ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ 2025፡ ቀዳም 4 ጥቅምቲ፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ስታድዮም ከረን ብዘተኻየደ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ተዛዚሙ።

እዚ ካብ 2010 ንደሓር ኣብ ኣፍሲ ወሰፍ ክልተ ዓመታት ዝተኻየደ ዘሎ ውድድር፡ ለሚ ዓመት ንመበል 16 ግዜኡ፡ ብ1 ኑሓሰ 2025፡ 'ስራዊት ሓበን ኣብ ሓዳድ መስርዕና ድርዕና' ብዝብል ቴማ ኣብ ኣስመራ ፈሊሙ። ኣብዚ ከተማ ኩዕሶ ሰከይትን ቸዝን ድሕሪ ምዝዛም ከኣ፡ ንዝተረፉ ሓሙሽተ ውድድራት ኣብ ከረን ኣሰላሲልዎም። ኣርባዕተ ካብ ንጥፈታቱ - ጨመተ ተኸሲ፡ ኣትሌቲክስ፡ ሰልፊን ኩዕሶ መርበብን ወዲኡ ድማ፡ ዓርቢ ቀዳምን ናይ ፍጻመ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ክልተኡ ጾታ ኣሰላሲሉ።

ዓርቢ ድሕሪ ቀትሪ፡ ንፍጻመ ዝሓለፋ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ክንፈን ሓሬናን ተጻዊተን። ንልዕት መጋጥምታ ብዝሓሸ መገዲ ትኸትኽሕ ዝነበረት ሓሬና፡ ኣብ መበል 48 ደቒቕ ብመገዲ ፍትሓዊት ተወልደ መሪሕነት ዘትሓዝታ ሸቶ ኣመዝጊባ። ናብ ዕረፍቲ'ውን 1ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ክንፈ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ እተመዓራርያ ሸቶ ንምርካብ ብዘዘበረቶ ጻዕሪ ኣብ መበል 76 ደቒቕ ኣቦላ ሶፋኒት ዘርኢት ብርእሳ ጐጭያ ብዘቖጸረታ ሸቶ ተመዓራርያ።

እንተኾነ፡ ኩለን ተጻወትታ እንተላይ ሓላዊት ልዩት ሓጎሰን ክጽምብላ ልዩተን ጉዳፈን ብምውጽኣንን ዳምጋይ ኪይተወደባ ጸወታ ብምጅማሩ፡ ንሓሬና ጥጡሕ ናይ ሸቶ ዕድል ተኸፊተላ። ማእከለይቲ ዳኛ ንዳምጋይ ምጅማር ጸወታ ፈሽካ ምስ ኣፍሐት ከኣ፡ ተጻዋቲት ሓሬና ራህዋ ተወልደመድህን ካብ ማእከል ሜዳ ናብ ቲ ጥርሑ ዝነበረ ልዩት ክንፈ ቀሊዒ ቀላልን ኣካታዒትን ሸቶ ኣመዝጊባ። ኣብ ፈንጠዝያ ዝነበራን ዘይተጸበያኦ ግብረ መልሲ ዝመጸኣንን ተጻወትቲ ክንፈ ከኣ፡ ዳምጋይ ዃ ኣቓንዛዊት ሸቶ ዝፍወስ ዓቕሚ ኣይነበረን። ኣመዓራርያናኦ ዝበራ ጸወታ ሰሪ ምሕደራኣን ከሲራናኦ፡ 2ብ1 ተሳዒረን። ናይቲ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት፡ ራህዋ ተወልደመድህን ካብ ሓሬና ተረቒሓ።

እዛ ካልኣይቲ ሸቶ፡ ኣብቲ እዋን ኣካታዒትን ኣብ ልዕሊ ማእከለይቲ ዳኛ ደሊና ሳህለ ጸቕጢ ዝፈጠረትን ነይራ። ምኽንያቱ ዳኛ፡ 'ገለ ተጻወትቲ ክንፈ ኣብ ሜዳ ሓሬናን ካብ ሜዳ ወጺኢን እንከለዋ፡ ዳምጋይ ጸወታ ኣጀሚራቶ' ዝብል ዘረባ ብምንባሩ። ክንፈ'ውን ክሲ ኣቕሪባ ነይራ።

ይኹን እምበር፡ ሓለፍቲን ደያኑን ኮምሽነራትን ኣብ ዝገበሩሉ ብዝተገብረ ናይ ቪድዮ ምጽራይ፡ ኩለን 11 ተጻወትቲ ክንፈ ኣብ ቦታኣን (ኣብ እዋን ዳምጋይ ምጅማር ክህልዋኦ ኣብ ዝግበኣን ፍርቂ ሜዳ) ምንባረን እዩ ተረጋጊጹ። በዚ ኸኣ፡ ማእከለይቲ ዳኛ ሕጋዊ ኣጀማምራ ከምዝፈጸመት ሓቢሮም። እዚ ውሳነ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊኣ ንዝነበረ ጸቕጢ ዝቕንጥጥ እዩ።

በዚ ወጽኢት እዚ፡ ሓሬና፡ ዕውትቲ ናይዚ ውድድር ክትከውን እንከላ፡ ክንፈ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ፡ ብደሆ ከኣ፡ ሳልሰይቲ ኮይና ዛዚማ።

ቀዳም ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ሰንጥቕን ሓሬናን፡ ኣብ መዛዘሚ ተራኺበን። ዕላማኡ ዝሰሓተ ፈተነታት ካብ ምኪያድ ሓሊፈን ሸቶ ከየመዝገባ ድማ፡ ናብ ዕረፍቲ ወጺአን።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ሰንጥቕ ብኽልተ ክንፊ ልዩት መጋጥምታ እናሰንጠቐት፡ ዕድላት ክትፈጥር ክኢላ። ሰሊጥዋ ከኣ፡ ኣብ መበል 49 ደቒቕ ሻም ተወልደ ብየማናይ ክንፊ ናብ ክሊ ልዩት ንዝኣተወት ኩዕሶ፡ ናብ ሸቶ ቀይሩ መሪሕነት ኣትሒዙ። ተጻወትቲ ናይዛ ጋንታ፡ ወጽኢት ከየጥፍሑ ዝኸእል ዝበረ ገለ ወፉኣት ዕድላት'ውን ኣባኺናም እዮም።

ብመንጽሩ፡ ዓርቢ ብደቂ ኣንስትዮ ተዓዊታ ፍናን ገይራ ዝኣተወት ሓሬና፡ ብዘይካ ሓሓሊፉ ገለ ፈተነ ምግባር፡ ኣሲጋኢ ፈተነ ኣካይዳ ክበሃል ኣይከኣለን። ዝተወሰኸ ሸቶ ብዘይምንባሩ ከኣ፡ ሰንጥቕ 1ብ0 ተዓዊታ። ሻም ተወልደ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። ሰንጥቕ ድማ፡ ዕውትቲ ናይ 2025 ኮይና።

ብኽልተኡ ጾታ ጽቡል ናይ ምግባል ዕድል ዝበራ ሓሬና ካልኣይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ብደሆ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ። ኣብ ክልተኡ ጾታ ቀዳሞት ዝወጻ 20 ሽሕ፡ ካልኣይ 10 ሽሕ፡ ሳልሳይ ሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ ድማ ተሸሊመን።

ኣብቲ ዕለት፡ ኣቐዲሙ ኣብ ዝተዛዘመ ውድድር ብውልቂን ብጋንታን ዝተዓወቱ'ውን ተሸሊሞም።

ኣብ ኩዕሶ ሰከይት ብልጽቲ ተጻወቲት ሳባሪን ፋትኢል፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ኣዶናይ ኣፈወርቂ ክልተኦም ካብ ክንፈ። ናይ ክልተኡ ጾታ ዝለዓሉ ኣመዝገብቲ ሸቶ፡ ሰምሃር ብርሃነ ዓንደም ኣበበን ካብ ዓንበርበብ። ብሉጻት ተጻወትቲ ኩዕሶ መርበብ፡ ትምኒት ይሕደጎ - ሓሬና፡ ሸደን ተስፋይ - ዓንበርበብ። ኣብ ኩዕሶ እግሪ፡ ሪም ካሕሳይ ካብ ሓሬና፡ ብልጽቲ ተጻወትቲ ክትብሃል እንከላ፡ ወደብ ፍስሃየ ካብ ሰንጥቕ ተመሳሲ ሽልማት ዓቲሩ። ማክዳ ተመስገን - ክንፈ፡ ያሺን ዳውት - ሰንጥቕ ከኣ፡ ናይ ጾታኦም ብሉጻት ሓለውቲ ልዩት ተጻዊያም። ተጻወትቲ ሓሬና ዝኾኑ ፍትሓዊት ተወልደን ሮሚል ዓብዱን ከኣ፡ ዝለዓሉ ኣመዝገብቲ ሸቶ ናይቲ ውድድር ኮይኖም ዛዚሞም።

ኣብ ኣሰልጠንቲ፡ ዓላሚ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታ ዓንበርበብ ተመስገን ተስፋይ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታ ብደሆ ኢሮም ተስፋይ፡ ናይ ኩዕሶ ሰከይት ብሉጻት ኣሰልጠንቲ ተሰምዮም። በራኺ ሃይለ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታ ዓንበርበብ፡ ሳሙኤል ኣስገዶም ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታ ሓሬና፡ ብሉጻት ዓለምቲ ኩዕሶ መርበብ፡ ተስፋኣለም የውሃንስ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታ ሰንጥቕ፡ ዓንደም ዳዊት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሓሬና ብሉጻት ዓለምቲ ኩዕሶ እግሪ፡ ከምኡ'ውን ዳዊት ተኽለ ናይ መኾነ ደቂ ተባዕትዮ፡ ሃብተማርያም ወልደሚካኤል ናይ ሰፈር ደቂ ኣንስትዮ፡ ናይ ኣትሌቲክስ ብሉጻት ኣሰልጠንቲ ተባሂሎም። ኩሎም ዕውታት ከኣ፡ እንተላይ ብጸወታኦምን ጠባዮምን 'ኣብነታውያን' ዝተባህሉ ተጻወትቲ ሃና እስቲፋኖስ ካብ መኾነ፡ ኣምባሳደር ጎይትኦም ካብ ሓሬና፡ ሰለስተ ሽሕ ናቕፋ ተሸሊሞም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሓደ ጸወታ ኩዕሶ ሰከይት 63 ሸቶታት ብምምዝጋብ 'ክብረወሰን ሓይልታት ምክልኻል' ዝሓዘ ተጻዋታይ ሳዋ እስራኤል ሙልጌታ፡ ብፍሉይ ተጻዊዑ፣ ክልተ ሽሕ ናቕፋ ተሸሊሙ።

ኣብ ናይ ጋንታ ሽልማት፡ ኣብ ኩዕሶ ሰከይት ደቂ ኣንስትዮ፡ ብደሆ፡ ሓሬና፡ ክንፈ፣ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዓንበርበብ፡ ሓሬናን ክንፈን፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺኦን። ኣብ ኩዕሶ መርበብ፡ ሓሬና፡ በፈርን ሰንጥቕን ብደቂ ኣንስትዮ፣ ዓንበርበብ፡ ሓሬናን ሳዋን ብደቂ ተባዕትዮ፡ ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዘን። ኣብ ክልተኡ ዓውዲ ድማ፡ ቀዳመይቲ 10 ሽሕ፡ ካልኣይቲ ሓሙሽተ ሽሕ፡ ሳልሰይቲ ሰለስተ ሽሕ ናቕፋ ተሸሊመን።

ኣብ ቸዝ፡ ዓንበርበብ፡ ሰንጥቕን በፈርን ብደቂ ኣንስትዮ፡ በፈር፡ ዓንበርበን ክንፈን ብደቂ ተባዕትዮ፡ ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዘን። ቀዳመይቲ 3500 ናቕፋ፡ ካልኣይቲ 2500 ናቕፋ፡ ሳልሰይቲ 1500 ናቕፋ ተሸሊመን።

ኣብ ኣትሌቲክስ፡ በፈር፡ መኾነን ዓንበርበበን ብደቂ ኣንስትዮ፣ መኾነ፡ በፈርን ዓንበርበበን ብደቂ ተባዕትዮ ተዓዊተን። ብቕደም ተኸተል ከኣ 10፡ ሓሙሽተን ሰለስተን ሽሕ ናቕፋ፡ ተሸሊመን።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ውድድር ሰልፊ፡ ሳዋ፡ ንክንፈን ብደሆን ኣኺቲላ፡ ተዓዊታ 10 ሽሕ ናቕፋ ኮይና። ክንፈ ሸውዓተ፡ ብደሆ ድማ ሓሙሽተ ሽሕ ተሸሊመን። ኣብ ጨመተ ተኸሲ፡ ብደቂ ኣንስትዮ፡ ሸዐላ፡ በፈርን ብደሆን፣ ብደቂ ተባዕትዮ ሰንጥቕ፡ በፈርን ንሰሪን ሳዕለዋይ ተርታ ሒዘን። ቀዳመይቲ 10 ሽሕ፡ ካልኣይቲ ሓሙሽተ፡ ሳልሰይቲ ሰለስተ ሽሕ'ውን ተሸሊመን።

ብሓፈሻ፡ ኣብዚ ንሰሪ ብጠባይን ስፖርታዊ ጭውነትን ዝተማሰኾትሉ ውድድር፡ ብድምር ኩሉ ዓይነታት ንጥፈት፡ 'በፈር ጐበለል ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል 2025' ተባሂላ፣ 25 ሽሕ ከኣ ናቕፋ ተሸሊማ።


ኣብ ፍጻመ ዝተጻወታ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ክንፈን ሓሬናን


ኣብ ፍጻመ ዝተራኸባ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ሰንጥቕን ሓሬናን


ብኩዕሶ መርበብ ቀዳመይቲ ዝወጸት ጋንታ ሓሬና



ዕውትቲ ኩዕሶ እግሪ ጋንታ ሰንጥቕ

# ዜና ዓለም

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ሩስያ ንኣመሪካ ኣጠንቂቓ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነቲ 'ቶማሃውክ' ዝተሰምየ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይላት ናብ ዩክሬን ናይ ምልኣኽ ውጥን እንተ ደኣ ኣጽዲቕዎ፡ ኣብ ዝምድና ዋሽንግተንን ሞስኮን ዓቢ ጸገም ከስዕብ ምዃኑ፣ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ኣጠንቂቑ።

ኣብ መወዳእታ ዝሓለፈ ማዕከረም፡ ምክትል ፕረዚደንት ኣመሪካ ጄ.ዲ.ቫንስ፡ ምምሕዳር ትራምፕ እቲ ኻፍሲ ወከፉ ናይ 1.3 ሚልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ን2,500 ኪሎ ሜተር ዝውንጨፍን ሚሳይላት ንኪየቕብ ክልኣኽሉ ይሓስብ ከም ዘሎ ገሊጹ ምንባሩ እዩ ዝሕበር።

ዩክሬን እቲ ሚሳይላት ኣብ ኢዳ እንተ ኣትዩ፡ ኣብ ከተማ ሞስኮን ከጽኡን ንዘርከብ ዝተፈላለየ ዒላማታት ሩሲያ ብቐሊሉ ክትወቕዖ ከም ዘኽእላ'የም ወተሃደራውያን ክኢላታት ዘመልክቱ።

ፕረዚደንት ፑቲን ግን ሓይልታት ኪየቭ ብዘይ ቀጥታዊ ተሳትፎ ወተሃደራት ኣመሪካ ነቲ "ዝተራቐቐ" ዝበሎ ሚሳይል ባዕሎም ክጥቀሙሉ ዓቕሚ ከም ዘይብሎም'ዩ ሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ፡ እቲ ካብ ኣመሪካ ዝለኣኽ ሚሳይል ንሚዛን ናይቲ ውግእ ፈጺሙ ከም ዘይቅይሮ፡ ንሰራዊት ሩሲያ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ዩክሬን ዓወት ካብ ምምዝጋብ ከም ዘይዓግቶ'ውን ኣስሚሩሉ።

ኣብ ዝሓለፈ እዋን ቮሎድሚር ዘለንስኪ ምስ ኣመራርሓ ማዕከኦ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዝተራኸብሉ እዋን፡ ኣመሪካ ቶማሃውክ ሚሳይላት ንዩክሬን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክትልእኸላ ከም ዝሓተተ'ዩ ዝገለጹ።

## እስራኤል ኣህጉራዊ ደገፍ ምስኣና ኣመሪካ ተኣሚና

ኩናት ቓዛ ኣብ መላእ ዓለም ንምስሊ እስራኤል ከም ዘበላሸዎ፡ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ገሊጹ።

ንሱ ኸኣ ዝገለጾ፡ ሓይልታት እስራኤል ኣብ ከተማ ቓዛ ዘካይድኦ ዘለዉ ወተሃደራዊ ስርሒታት ደው ከብሉዎ ምዃናም ድሕሪ ምሕባርም እዩ።

እስራኤል፡ ነቲ ካብ ጥቅምቲ 2023 ጀሚራ ኣብ ልዕሊ ቓዛ እተካይዶ ዘላ ህይወት 67 ሽሕ ፍልስጤማውያን ዝወሰደን መጥቃዕቲ ብቐልጡፍ ደው ንምባል ብፕረዚደንት ትራምፕ ዝቐረበ እማመ ሰላም'ኳ እንተ ተቐቢሎቶ፡ ኣብ ትግባረኡ ግን ክሳብ ሕጂ ተዕጢዩጥዩ ከም ዘላ እዩ ዝንገረሉ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ነቲ ብትራምፕ ዝቐረበ እማመ ሰላም ንምትግባር፡ ወከልቲ ሓማስን እስራኤልን ኣብ ግብጺ ዘይቀጥታዊ ዝርርብ ንምጅማር ምድላው ኣብ ዝገበሩሉ ዘሎ እዋን፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ከሎም ኣብ ምብቃዕ ኩናት ቓዛ ዝሳተፉ ዘለዉ ኣካላት ጻዕርታቶም ብዘለዓለ ክቕጽሉዎ ኣተሓሳሲቡ።

ትራምፕ ኣቐዲሙ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "እቶም ኣብ ቓዛ ጀሆ ተታሒዞም ዘለዉ ዜጋታት ኣብ ቀረባ እዋን ናጻ ክልቀቑ ክጅምሩ እዮም" ክብል ገሊጹ ምንባሩ ይዝከር።

ወኪል ቃል መንግስቲ እስራኤል ሾሽ በድሮሲያን ብወገኑ ዝሓለፈ ሰንበት ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እስራኤል በቲ ዝቐረበላ እማመ ሰላም መሰረት ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ንገለ መጥቃዕትታት ደው ኣቢላቶም ከም ዘላ፡ ኣብ ገለ ቦታታት ግን ነቲ መጥቃዕትታት ገና ትቕጽሎ ምህላዋ ኣፍሊጡ።



እስራኤል ክሳብ ዝሓለፈ ሰንበት ብነፈርትን ታንክታትን መጥቃዕቲ ብምክያድ፡ ኣብ ከተማ ቓዛ ንዝርከቡ ብርክት ዝበሉ መንበሪ ህንጻታት ከም ዘዕነወት፡ ካብ ቓዛ ዝወጽኡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ዕጡቓት ኣልሸባብ ኣብ ሞቓድሾ መጥቃዕቲ ፈጺሞም

ዕጡቓት ጉጅለ ኣልሸባብ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሞቓድሾ - ርእሰ ከተማ ሶማልያ ኣብ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ መጥቃዕቲ ከም ዘካየዱ ተሓቢሩ።

በቲ መጥቃዕቲ፡ እቲ ቤት ማእሰርቲ ከቢድ ዕንወት ክወርዶ እንከሎ፡ ሓለውቲ ናይቲ ቤት ማእሰርቲ ብዘካየድዎ ቅልጡፍ ግብረ መልሲ፡ ሸውዓተ ካብ'ቶም ዕጡቓት ከም እተቐትሉ ተገሊጹ።

ኣልሸባብ ድሒሩ ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ ድማ፡ ኣባላቱ ካብ'ቲ ቤት ማእሰርቲ ንምውጻእ ነቲ መጥቃዕቲ ከም ዘካየዱ ገሊጹ።

እቶም ዕጡቓት፡ ፍሉያት ወተሃደራውያን መካይን ተጠቒሞምን ስራዊት ሶማል ዝለብሶ ወተሃደራዊ ክዳን ለቢሶምን ናብቲ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝኣተዉ፡ 'ሶና ላይቭ' ዝተባህለ ማዕከን ዜና ኣመልኪቱ።

እቲ መጥቃዕቲ ቅድሚ ምፍጻሙ ቅድሚ ሒደት ሰዓታት፡ መንግስቲ ኣብ ጸጥታ ከተማ ሞቓድሾ ምምሕያሽ ከም ዝተራእየ ብምጥቃስ፡ ኣብታ ከተማ ብጸጥታዊ ምኽንያት ተዓጽዮም ዝነበሩ ኣገደስቲ ጽርግያታት ዳግማይ ክኽፈቱ ከም ዝተገበረ'ዩ ዝገለጸ።

ሰብ መዚ መንግስቲ ሶማል ንሮይተርስ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኣብ ኣፍ ደገ ናይቲ ቤት ማእሰርቲ ዓቢ ነትጕ ከም ዝተሰምዐን ነዊሕ ከይጸንሐ ምልውዋጥ ናይ ተኹሲ ከም ዝጀመረን'የም ዘረድኡ።




## ቀዳማይ ሚኒስተር ፈረንሳ ካብ ስልጣኑ ወሪዱ



ቀዳማይ ሚኒስተር ፈረንሳ ሰባስቲያን ለኮርኑ፡ ሓድሽ ካቢነ ሚኒስተራት ድሕሪ ምምዛዙ 12 ሰዓታት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ካብ ስልጣኑ ከም ዝወረደ ተገሊጹ።

ባይቶ ፈረንሳ፡ ነቲ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ማጠን ዕዳ ናይታ ሃገር ንምንካይ ዝሕግዘ ሓድሽ ባጀት ኣብ ምጽዳቕ ተጎምጊሙ ከም ዘሎ'ዩ ዝገለጸ።

ኣቐዲሙ ሚኒስተር ምክልኻል ዝነበረ ለኮርኑ፡ ብፕረዚደንት ኢማኑኤል ማክሮን ዝተመዘዘ መበል ሻብዓይ ቀዳማይ ሚኒስተር እዩ ነይሩ።

እዚ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት መበል ሓምሻይ ቀዳማይ ሚኒስተር ኩይኑ ክሰርሕ ዝጸንሐ ብዓል ስልጣን፡ ዕድመ ስልጣኑ ዝሓደ ወርሒ ከይመልአ ሃንደበት ካብ ስልጣኑ ብምልቃቑ፡ ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ፈረንሳ ዝሓጸረ ዕድመ ስልጣን ዝነበሮ ቀዳማይ ሚኒስተር ኩይኑ ብፍሉይ ተመዝጊቡ ምህላዉ ይሕበር ኣሎ።

ንነዊሕ እዋን እሙን ናይ ማክሮን ኩይኑ ክሰርሕ ምጽንሑ ዝንገረሉ ለኮርኑ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ካብቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ፖለቲካዊ ሰልፍን ተቓወምቲ ውድባትን ተሪር ነቐፌታ ከም ዘጋጠሞ ይግለጽ።

ለኮርኑ ካብ ስልጣኑ ድሕሪ ምውራዱ፡ ሓያሎ ፖለቲካዊ ውድባት ፈረንሳ ቅልጡፍ ምርጫ ባይቶ ክካየድ ይጸውዑ ከም ዘለዉ፡ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ይሕብራ ኣለዋ።

## ኔፓል - ሓደጋ ዕልቕልቕ ጉድኣት ኣውሪዱ




ኣብ ኔፓል ዝዘነመ ዘሎ ከቢድ ዝናብ ብዘስዓቦ ሓደጋ ዕልቕልቕ፡ ዛጊት 47 ሰባት ከም ዝሞቱ ሰብ መዚ ምክልኻል ሓደጋ ናይታ ሃገር ገሊጾም።

እቲ ካብ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣትሒዙ ዝዘነመ ዘሎ ዝናብ፡ ንሓያለ ከባቢታት ናይታ ሃገር ኣዕለቕሊቑዎ ከም ዘሎ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ብሰንኪ እቲ ባህርያዊ ሓደጋ ሓሙሽተ ሰባት ደኒኖም ከም ዝጠፍኡ'ውን እቶም ሰብ መዚ ወሲኾም ኣመልኪቶም።

ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ኔፓል፡ ብዙሓት ጽርግያታት በቲ ዕልቕልቕ ዓጽዮም ብምህላዎም፡ ንግዳያት ኣብ ምርዳእ ተጸጊሞም ከም ዘለዉ ኣፍሊጦም።

በዚ ድማ፡ ምስ ኣባላት ጸጥታ ብምዃን ብሄሊኮፕተራትን ጀላቡን ተሓጊዞም ነቶም ዝተሃሰዩ ወገናት ንምርዳእ ይንቀሳቐሱ ከም ዘለዉ ወሲኾም ሓቢሮም።

እቲ ዕልቕልቕ ንኹሉ መዓልታዊ ምንቅስቓስ ዜጋታት ብኣሉታ ጸልዩዎ ከም ዘሎ'ውን፡ እቶም ሰብ መዚ ኣረዲኦም።

መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሰነ ክሳብ ማዕከረም ዝዘንም ብርቱዕ ዝናብ 'ሞንሱን'፡ ኣብ መላእ ደቡብ ኤሲያ ዓመት መጸ ኣብ ሰብን ንብረትን ከቢድ ዕንወት ከም ዘውርድ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ | 7/10/2025 | ጎደና ዓዲ ሃውሻ 175 ቁ. ገዛ 58 ከባቢ ፖስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ | 200141 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services